ኢፕድ

# ወጋሕታ

2ይ ዓመት ቑፅሪ 01 2 ሕዳር 2014 ዓ.ም ሓሙስ ብር 10.00



## ‹‹ንኢትዮጵያ ክነምበርክኽ ኢና ዝብሉ ሓይልታት ብዝሓበረ ቕልፅም ኢትዮጵያውያን ክፈርሱ ‘ዮም››

- ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ

**ትርሓስ ፍቓዱ**

ኣዲስ ኣበባ፦ ንኢትዮጵያ ክነምበርክኽ ኢና ዝብሉ ሓይልታት ብዝሓበረ ቕልፅም ኢትጵያውያን ክፈርሱ ‘ዮም ክብሉ ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ገሊፆም።ንተመዛበልቲ ሓደ ቢሊዮን 540 ሚሊዮን732 ሽሕ ብር ተኣኪቡ።

ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ነዚ ዝበሉ ኣብ ሆቴል ሸራተን ኣዲስ ኣብ ተኻየደ ብሰንኪ ራዕዳዊ ህወሓት ዝወልዖ ኲናት ንዝተመዛበሉ ወገናትን ንሰራዊት ምክልኻል ኣብ ዝተዳለው መተኣኻኸቢ ደገፍ ኣብ ዘስምዕዎ መደረ ‘ዩ።

ኢትዮጵያውያን ብእኹል ከይተዓጠቑ ምስ ፀላኢ ተዋጊኦም ንኢትዮጵያ ናፃ ገይሮማ ‘ዮም ዝበሉ እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር፤‹‹ትማሊ ናፃ ሃገር ኢና ነይርና፣ሎሚ

‹‹ንኢትዮጵያ ክነምበርክኽ… 4

## ራዕዳዊ ህወሓት ክጠፍእ ዝኽእል ካብ ህዝቢ ትግራይ ክንፀል እንተሉ ‘ዩ ተባሂሉ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፦ ራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት ክጠፍእ ዝኽእል ካብ ህዝቢ ትግራይ ክንፀል እንተሎ እዩ ክብሉ ሓላፊ ርክብ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ዴሞክራቲክ ፓርቲ (ትዴፓ) ኣይተ ሙሉብርሃን ሃይለ ገሊፆም።

ኣይተ ሙሉብርሃን ብፍላይ ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከም ዝበልዎ፣ ራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት ክጠፍእ ዝኽእል ካብ ህዝቢ ትግራይ ክንፀል እንተሎ ‘ዩ፤ ስለ ዝኾነ ድማ ኣብዚ ቖላሕታ ገይርካ ምስራሕ የድሊ።

‹‹ህወሓት ክጠፍእ ኲሉና ንደሊ ኢና፤ ኮይኑ ግና ብኸመይ ‘ዩ? በቲ ዘለዎ ኣካይዳ መገዲ ድዩ ዝጠፍእ ዝብል ሓሳብ ካብ ኲልና ትፅቢት ዝግበር ‘ዩ›› ዝበሉ ኣይተ ሙሉብርሃን፣ ትዴፓ ራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት ክጥፍእ ዝኽእል ካብ ህዝቢ ትግራይ ክንፀል እንትኽእል ‘ዩ ኢሉ ብምእማኑ ኣብዚ ትኹረት ገይሩ እናሰርሐ ከም ዝርከብ ሓቢሮም።

ህወሓት ካብ ህዝቢ ትግራይ ንምንፃል ኣድላይ ብምዃኑ ነዚ ዝምጥን ፖለቲካዊ ሓላፍነት ምስራሕ ካብ መንግስትን ፖለቲካዊ ፓርትታን ዓብዪ ትፅቢት ይግበር

ራዕዳዊ ህወሓት ክጥፍእ… 4



## ‹‹እቲ ሰልፊ ኢትዮጵያውያን ንዝኾነ ዓለም ለኸ ፅዕንቶ ዘይንብርከኹ ምኻ‘ኖም ዘርኣይሉ ‘ዩ››

-ዶክተር ለገሰ ቱሉ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፦-ኣብዚ ሰሙን ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋል ሃገርና ዝተኻየዱ ሰላማዊ ሰልፍታት ኢትጵያውያን ንዝኾነ ዓለም ለኸ ፅዕንቶ ዘይብርከኹ ከምዝኾኑ ዘርኣይሉ ’ዩ ክብሉ ሚኒስትር ግልጋሎት ኮሙኒኬሽን መንግስቲ ዶክተር ለገሰ ቱሉ ገሊፆም።

እቶም ሚኒስትር ብፍላይ ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ ፣ኣብዚ ሰሙን ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋል ሃገርና

‹‹እቲ ሰልፊ ኢትዮጵያውያን… 4

## ኣብ ጎንፂ ትግራይ ዝተኻየደ ምርመራ ሪፖርት ዓለምለኽ ተቐባልነት ከምዝረኸበ ተገሊፁ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፦-ኮምሽን ሰብኣዊ መሰል ኢትዮጵያ ምስ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮምሽን ሰብኣዊ መሰል ሕቡራት መንግስታት ብሓባር ኣብ ክልል ትግራይ ዘካየድዎ ግህሰት ሰብኣዊ መሰል ምርመራ ሪፖርት ዓለምለኸ ተቐባነት ከምዝረኸበ ተገሊፁ።

ኮምሽነር ኮምሽን ሰብኣዊ መሰል ኢትዮጵያ ዶክተር ዳንኤል በቀለ ምስ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ኣብ ዝገበርዎ ቃለ መሕተት ከምዝገለፅዎ ፣ኮምሽን ሰብኣዊ መሰል ኢትዮጵያ ምስ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮምሽን ሰብኣዊ መሰል ሕቡራት መንግስታት ብሓባር ብምዃን ኣብ ትግራይ ጎንፂ ተፈፂሞም ኣብ ዝተብሃሉ ግህሰት ሰብኣዊ መሰል ምርመራ ገይሮም እቲ ሪፖርት ኣብ ቀረባ ዕላዊ ገይሮም’ዮም። እቲ ሪፖርት ድማ 16 ሃገራት ፣ሓለፍቲ ቤት ፅሕፈት ሕቡራት መንግስታት፣ ኣባል ቤት ምኽሪ ፀጥታ ሃገራት ሓዊሱ ተቐቢሎምዎ ‘ዮም።

‹‹እቲ ሪፖርት ዝተኸታተልዎ ሃገራት ኣብቲ ፅንዓት ዝተሳተፉ ክልቲኦም ትካላት ዘየሻሩን ተኣማንን ሪፖርት ብምቕራቦም ኣመስጊኖም ‘ዮም፣ ናይቲ ሪፖርት ምክረ ሓሳብ ኣብቲ ጎንፂ ዝተሳተፉ ወገናት ተግባራዊ ንክገብሩ ፃውዒት ኣቕሪቦም ‘ዮም›› ክብሉ ኣብሪሆም።

ኣብ ጎንፂ ትግራይ ተፈፂሙ ‘ዩ ዝተብሃሉ ግህሰትሽሰብኣዊ መሰል ኮምሽን ሰብኣዊ መሰል ኢትዮጵያ ምስ ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ኮምሽን ሰብኣዊ መሰል ሕቡራት መንግስታት ብምዃን ብሓባር ከካይድዎ ‘ዮም እንትባሃል ብዙሕ ሃገራት ዓለም ለኸ ትካላት ከይተረፈ እቲ ኮምሽን ዘየሻሩን ሕቶታት ናፅነት ኣቕሪቦም ግቡእ ከምዘይኾነ ተቓዊሞም ከምዝነበረ ኣዘኻኺሮም ፣እቲ ሪፖርት ዕላዊ ምስ ኮነ ብዝተፈላለዩ ዓለም ለኸ ትካላትን 16 ሃገራት ተቐባልነት ከምዝረኸበ ገሊፆም ‘ዮም። ኣብቲ ጎንፂ ዝተሳተፉ ወገናት ድማ ምኽረ ሓሳብ ንክትግብርዎ ፃውዒት ምግባሮም፤ ሃገራን ትካላትን ስለ ሓበራዊ ሪፖርት ዘየሻሩ ፣ብሞያ ብቅዓትን ትኽክለኛነትን ምምስካሮም ዶክተር ዳንኤል ተዛሪቦም ‘ዮም።

ኣብ ትግራይ ዝተኻየደ ግህሰት ሰብኣዊ መሰል ምርመራ ሪፖርት ኮምሽን ሰብኣዊ መሰል ኢትዮጵያ ናፃን ዘየሻሩን ከምዝኾነ ከምዘረጋገፀ ጠቒሶም ። እዚ ምርመራ ዘድለየሉ እቲ ሓደ ዕላማ ኣብ ጎንፂ ትግራይ እንታይ ከምዝተፈፀመ ንምፅራይን ንምምርማርን ከምዝኾነ ዶክተር ዳንኤል ምስ ሓበሩ፣ብዓለም ለኸ መራኸቢ ሓፋሽ መንግስቲ ጥምየት

ኣብ ጎንፂ ትግራይ ዝተኻየደ… 6

ገፅ 4 ራዕዳዊ ህወሓትን ሸነን ዝኹንኑ ሰልፍታት

ገፅ 5 ‹‹ ራዕዳዊ ህወሓት ብኲናት፣ ብምርዓድን ዘረፋን ክነብር ዝደሊ ሓይሊ‘ዩ›› ኣይተ ገብረፃድቕ ገብረመድህን

ገፅ 7 ሰኣሊ ስማ ጉያ ፣ ቤተሰብ ስእሊ

# ዜና

# ‹‹ንባዕዳዊ መግዛእቲ ተመንዮም ዘይተሳኸዐሎም ኣካላት ሃገርና ንምፍራስ እናፅዓሩ ‘ዮም ››

- ወይዘሮ ኣዳነች ኣቤቤ

ትርሓስ ፍቃዱ



ኣዲስ ኣበባ፡- ንባዕዳዊ መግዛእቲ ተመንዮም ዘይተሳኸዐሎም ኣካላት ሎሚ ብሓባር ኾይኖም ኣዲሞም ሃገርና ንምፍራስ እናፅዓሩ እዮም ክብላ ከንቲባ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ወይዘሮ ኣዳነች ኣቤቤ ኣፍሊጠን።

ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት ሃገር ንምፍራስ ዝሰርሑ ራዕዳዊያን ሓይልታትን፤ ናታቶም ጋለብትን ንምውጋዝን ከምኡ ‘ውን ሃገር ንምፅናዕ፤ ንዝዋደቑ ሰራዊት መከላኸሊን ኣካላት ፀጥታን ንምድጋፍ ኣብ ኣደባባይ መስቀል ኣብ ዝተዳለወ ሰላማዊ ሰልፊ ብርክት ዝበለ ነባሪ እታ ከተማ ተረኺቡ ‘ዩ።

ከንቲባ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ወይዘሮ ኣዳነች ኣቤቤ ኣብ ዘመሓላለፍኦ መልእኽቲ ከምዝገለፅኦ፤ንፃውዒት ኢትዮጵያ ምላሽ ሂቡ ወፂኡ ኣብ ኣደባባይ ንዝተረኸበ ነባራይ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ምስጋና ኣቕሪበን።ኢትዮጵያውያን ብሓድነት ደቂ ዓድዋ ከምዝኾና ብምሕሳብ ብሓባር ጠጠው እንተይልና ኣድማ ወፃእተኛታት ከንቱ ‘ዩ፤ሃገርና ከፍርስ ኣይኽእልን ኢለን።

‹‹ካብ ውልቀ ሰብ ቤተሰብ፣ካብ ቤተሰብ ሕብረተሰብ፣ካብ ሕብረተሰብ ህዝቢ፣ካብ ህዝቢ ድማ ሃገር ይበልፅ፤ነዚ ኢና ድማ ሎሚ ሃገር ኾይንና ዓቢና ተራኺብና ዘለና››ዝበላ እተን ከንቲባ፤መማህራን ዲሞክራሲ ኢና እናበሉ ዝነበሩ ምዕራባውያን ኢትዮጵያውያን ዲሞክራሲያዊ መሰሎም ተጠቒሞም ዝመረፅሕዎ መንግስቲ ኣይኸውንን ኣንሕና ኢና ኣሻንጉሊት መንግስቲ ንመርፀልኩም ብምባል ሃገር ናይ ምፍራስ ትምኒቶም እናርእዩና ‘ዮም ክብላ ገሊፀን።


ንሓደ ዓመት ከየዕረፉ ሚዲያታቶም ኣዋፊሮምልና እዮም ዝበላ እተን ከንቲባ፤ሽም ኢትዮጵያ ብምፅላም ዘይኮነ ነገር ኾይኑ እናበሉ ብምፅብፃብ ዓለም ንኽእድመልና ጎስጒሶም ‘ዮም።ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ተግባር ዘርኢ ምጥፋእ ተፈፂሙ ‘ዩ ኢሎም፤ብናይ ባዕሎም ኣካል ተመርሚሩ ሕሶት ከምዝኾነ እንትግለፅ ንሓደ ሚዲያ ተጋጊና ኢና ይቕረታ ክብሉ ኣይደለዩን።ምኽንያቱ ድማ ብሕሶት ሃገር ምፍራስ ‘ዩ ዕላምኦም።ኣብ ቐረባ ድማ ህዝቢ ንምርዓድ ኣዲስ ኣበባ ተኸቢባ ‘ያ እናበሉ ይርከቡ፤ኾይኑ ግና ኣዲስ ኣበባ ዝተኸበበት ብዝሕልውዋ ህዝባ ከምዝኾነ ገሊፆም።

ደቂ ዓድዋ ምኳንና ረሲዖም ብኣግዋ ከፈራርሑና ፈቲኖም ‘ዮም ዝበላ እተን ከንቲባ፤ዓድዋ ናፅነት እዩ፤ኣግዋ ግና ረድኤት ‘ዩ።ረድኤትን ልቓሕን ናፅነትና ክቕንጠጥ ዘገብረና እንተኾይኑ ናፅነትና ኣይንግብርን።ይኹን ‘ምበር ብፍቕሪ፣ክብርና ሉኣላውነትናን እንተተሓልዩ ትሑታት ኢና ነኽብሮም ኢና።ብናፅነትና እንተመፂኦምና ግና በታ ሓንቲ ኢትዮጵያ ሃገርና ኣይንደራደርን ክብላ መልእኽቲ ኣመሓላሊፈን።

ሃገር ሓንቲ ‘ያ፤መለወጢ የብላን ሉኣላውነት ሃገር ቐይሕ መስመር እንተሓሊፉ ክብርን ናፅነትን የለን፤ሃገር ንምኽባር ሎሚ ‘ውን ናትና ወለዶ ቐራፅ እዩ ዝበላ እተን ከንቲባ፤ቕድሚ ለውጢ መናእሰይ ኢትዮጵያ ጭቆና ኣይንቕበልን፤ኢ-ሰብኣውነት ይኣኽለና፣ፍትሓውነት ይንገስ ኣብ ቕድሚ ድሽቃን መድፍዕን ጠጠው ኢሎም ብምስዋእ ንናፅነት ሃገር ምውዳቖም ገሊፀን። ራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት ንዝሓለፉ 27 ዓመታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዘብፀሖ በደል ከይነኣሶ ሎሚ ‘ውን ደጊሙ ሓዱሽ ምዕራፍ ኣብ ዝኸፈትናሉ ዕለት ኩናት ብምኽፋት ሃገር ንምፍራስ እናፅዓረ ከም ዝርከብ ገሊፀን።

ንዝሓለፉ 27 ዓማውቲ ኢትዮጵያ ንምፍራስ ብሕቡእ እናሰርሐ ዝነበረ ሎሚ ብዕሊ ኢትዮጵያ ኣፍሪሰ ሃገረ ትግራይ ንምህናፅ ናብ ሲኦል ‘ውን እንተኾነ ክኣትው‘የ ኢሉ ብዕሊ ነጊሩና ‘ዩ።ብርግፅ ትኽክለኛ ቦትኡ ሲኦል ‘ዩ።ዕላምኡ ንምስኻዕ ተለኣኣኺ ሸኔን ኻልኦት እሱ ዝጋልቦም ተዋፊሮምልና ‘ዮም ኢለን ውዘሮ ኣዳነች ኣቤቤ።

ከም ገለፃ ከንቲባ ኣዳነች ፤ኢትዮጵያ ኣብ ዝኾነ እዋን ጀጋኑ ኣለውዋ፤ሎሚ ዘሎ ወለዶ ‘ውን ጅግና ‘ዩ።ብዱርን ገደልን እናተዋገአ ጅግና ሰራዊት መከላኸሊ ሃገር ኣብ ልዕሊ ጅግንነት እናመዝገበ ይርከብ፤ሓረስታይ ኢትዮጵያ ‘ውን ተንኮሎም ተረዲኡ ኣፈሙዝ ኣዚሩሎም ‘ዩ፤መቕፃዕቲ ክጥዕምዎ ‘ዮም።ብባርነት ምንባር ታሪኽ ኣቦታትና ኣይኮነን፤ሃገር ንምፍራስ ዝመፅእ ጉጅለ ራዕዲ ንምቕልባስ ሰራዊት መከላኸሊ ሃገር ንፀምበር ክብሉ ፃውዒት ኣመሓላሊፈን።



# እቲ ጉጅለ ራዕዲ ዘዋፈሮ ሓይሊ ፀገም ስነምግባር ከምዘለዎ ምሩኽ ኮሎኔል ጉዑሽ ገብሩ ገሊፁ

ትርሓስ ፍቃዱ

ኣዲስ ኣበባ፡-እቲ ጉጅለ ራዕዲ ዘዋፈሮ ሓይሊ ልዑል ፀገም ስነምግባር ዘለዎ ብምዃኑ ኣብ ዝበፅሐሎም ከባብታት መቕተልትን ስርቅን ‘ዩ ዝፍፅም ክብል ኣብዚ ሰሙን እዚ ኣብ ግምባር ደሴ ብሰራዊት መከላኸሊ ዝተማረኸ ምሩኽ ጉጅለ ራዕዲ ኮሎኔል ጉዑሽ ገብሩ ገሊፁ።

ኣዛዚ ጉጅለ ራዕዲ ክፍለ ሰራዊት ሜይደይ ዝነበረን ሐዚ ብሰራዊት መከላኸሊ ዝተማረኸ ኮሎኔል ጉዑሽ ገብሩ ከምዝገለፆ፤ጉጅለ ራዕዲ ብወራር ኣብ ዝሓዞም ከባብታት ካብ ስነ ምግባር ዝወፁ ተግባራት እናፈፀመ ’ዩ።

ጉጅለ ራዕዲ ዘሰማረዮ ሓይሊ ፀገም ስነ ምግባር ዘለዎ ብምዃኑ ወሪሩ ኣብ ዝኣተዎም ከባብታት ብርክት ዝበሉ ተግባራት ቕትለትን ዘረፋን እናፈፀመ ከምዝኾነ ኣልዒሉ።ሓይሊ እቲ ጉጅለ ራዕዲ ብርክት ዝበለ ሃፍቲ ምዝራፉን ምዕናዉን ብዓይኑ ከምዝርኣየ ኣልዒሉ።

እቲ ጉጅለ ራዕዲ ምስ ዘሰለፎ ሓይሊ ሰብ ዘይመጣጠን ኣፅዋር ከምዘዕጠቐ ዝገለፀ እቲ ምሩኽ፤እቲ ጉጅለ ሓይሉ ኣደዳ ጥይት እናገበሮ ከምዝኾነ ገሊፁ።

ኣብ ዝተፈላለዩ ግምባራት ዕድምኦም ካብ 14 እስካዕ 15 ዝኾኑ ሰገናት ሓዊሱ ዕድምኦም ዝደፍአ ሰባት ’ውን ኣብ ዓውደ ግምባራት ከምዘሰለፈ ተዛሪቡ።

“ኣነ ኣብ ዝመርሖ ክፍለ ሰራዊት ሸሞንተ ሚኢቲ ሰብ ዝተዓጠቐ እንተነበረ ‘ውን ልዕሊ ሽዱሽተ ሚኢቲ ዝኸውን ድማ ከይተዓጠቐ ጥራሕ ኢዱ ናብ ዓውደ ግምባር ብጉጅለ ራዕዲ ዝኣተወ ’ዩ “ ክብል ገሊፁ ።እዚ ድማ ኣብ ውሽጢ ጉጅለ ራዕዲ ልዑል ዝኾነ ሕፅረት ዕጥቂ ከምዘሎ ከምዘርእይ ኣመልኪቱ።

ኣብ ግምባር ደሴ ልዑል ቑፅሪ ዘለዎ ሓይሊ ሰብ ዘሰማረየ ራዕዳዊ ህወሓት ልዑል ሰብኣውን ቑሳውን ኪሳራ በፂሕዎ እዩ።ሰራዊት መከላኸሊ ኢትዮጵያ ኣፍቲ ግምባር ኣብ ዝገበሮ ወፍሪ ብርክት ዝበለ ቑፅሪ ጉጅለ ራዕዲ ዝተደምሰሰ እንትኸውን ብርክት ዝበሉ ደማ ማሪኹ ’ዩ።ካብ መንጎ ዝተማረኹ ድማ ኣዛዚ ክፍለ ሰራዊት ሜይደይ ዝኾነ ወዲ 64 ኣመት ኮሎኔል ጉዑሽ ገብሩ ይርከብ።

# ምዕራባውያን ሓሰተኛ ሓበሬታ ብምስርጫው ዝተፀመዱ ንዝሓለፉ ሓምሳ ዓመታት ምስ ወያነ ዘለዎም ርክብ ጥቕሚ ከምዝኾነ ተገሊፁ

መሰረት ገ/ዮሃንስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ምዕራባውያን ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ሓሰተኛ ሓበሬታ ብምስራጫው ዝተፀመዱ ንዝሓለፉ ሓምሳ ዓመታት ምስቲ ራዕዳዊ ዘለዎም ርክብ ጥቕሚ ’ዩ ክብሉ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ መምህር ጋዜጠኝነትን ስነ ተግባቦትን ኣንተነህ ፀጋዬ (ዶክተር ) ገሊፆም።

ኣንተነህ ፀጋዬ (ዶክተር)ንትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ክዝገለፅዎ ፤ መራኸቢ ሓፋሽ ምዕራባውያን ናይ ኢትዮጵያ ሓቂ ንጎኒ ብምግዳፍ ሓሰተኛ ሓበሬታ ብምስርጫው ዝተፀመዱ ንዝሓለፉ 50 ዓመታት ምስ ወያነ ዝነበሮም ርክብ ጥቕሚ ዝተልዓለ ’ዩ። ኸዚ ዘሎ መንግስቲ ጥቕሞም ኣኽባሪ ብዘይምኧኑ ’ዩ።

ከም መምህር ኣንተነህ (ዶክተር) ገለፃ ፤ ዘሳራጭውዎ ሓሰተኛ ሓበሬታ ዋና ምኽንያት እንተይኾነስ ውፅኢት ’ዩ። ክሳብ ኸዚ ምስ ምዕራባውያን ዝነበረ ርክብ እንታይ ይመስል ዝብል ምፅናዕ ግቡእ ’ዩ። ምዕራባውያን ንነዊሕ እዋን ታሪካዊ ርክብ ዘለዋ ሃገር ኹሉ ረሲዖም ራዕዳዊ ጉጅለ ኣብ ምድጋፍ ይርከቡ።

ኣብ ኢትዮጵያ ሓሰተኛ ዜና ብምስርጫው ዝተፀመዱ መራኸቢ ሓፋሽ ሃገራት ን27 ዓመታት ሃገር ዝመርሐ ወያነ ናይ ኸዚ ራዕዳዊ ጉጅለ መንግስቲ ኾይኑ ’ውን ኣፍራሲ ’ዩ ነይሩ፤ ምስ ጉጅለ ርክብ ጥቕሚ ስለዘለዎም ኣብ ኢትዮጵያ ሓሰተኛ ሓበሬታ ብምስርጫው ብምፅማዶም ዝደንቕ ኣይኮነን ኢሎም። ኣብዚ ኸዚ ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰል ጥሕሰት የሕስበና ’ዩ ዝብሉ ምዕራባውያን ብኣፍራሲ ሓይሊ ዘመን ኣገዛዝኣ ብዙሓት ሰብአዊ መሰላት እንትጣሓሱ ከምዘይራኣዩ ዝኾኑ ዝነበሩ ኣከላት ’ዮም። ኸዚ ስለ ሰብኣዊ መሰል ክዛረቡ ዝኽእልሉ ኩነታት የለን። ኾይኑ ግና ዝዛረቡ እዚ ለወጢ መንግስቲ ናታቶም ጥቕሚ ስለዘየኽብር ’ዩ። ናብ ባዕሉ መንነት ንክብርን ምምላስ ዝደሊ ዝኾነ ሃገር ብዘይምድላዮም ዝተልዓለ ዝሰራጭውዎ ሓሰተኛ ሓበሬታ ’ዩ ኢሎም።

ኸዚ እቲ ሓቂ ንምንታይ ዘይግንዘቡ ዝብል ጉዳይ ብብዙሕ መገዲ ምርኣይ የድሊ ዝበሉ ኣንተነህ (ዶክተር)፣ እቲ ሓቂ ብግልፂ ምርኣይ ዓቕሚ ምፍጣር ኣድላይ ’ዩ። ምኽንያቱ ንዝሓለፉ 27 ዓመታት ንምዕራብ ዓለም ስለ ኢትዮጵያ ዝተውሃበ ዝተዛበዐ ምስሊ ስለ ዝኾነ እዚ ምስሊ ምቕያርን ናይ ኸዚ ዘላ ኢትጵያ ገፅታ ምርኣይ ትፅቢት ይግበር።

ከም ሃገር ሓደ ዝገብር ሃገራዊ ስእሊ ብዝዓበየ ቁፅሪ ንማንም ወፃኢ ፅዕንቶ ተጋላፂ ናይ ምኧን ዕድል ፀቢብ ’ዩ ዝበሉ እቶም መምህር ፣ውሽጥና ምፅራይን ኢትዮጵያ እትባሃል ሃገር መንነት ኣብ ወለዶ ምስራፅ ኣድላይ ’ዩ። ምዕራባውያን ብዛዕባ ኢትዮጵያ ሓሰተኛ ሓበሬታ ዘሰራጨዉ መንግስቲ ናታቶም ጥቕሚ ይጎድእ ’ዩ ኢሎም ብሕሳቦምን ዝፀንሐ ናይ ወያነ ሓበሬታ ስለዝቕበሉ ’ዩ። ሎሚ ብዛዕባ ኢትዮጵያ ወያነ ዝተዛረቦ እንተተቐበሉ ’ውን ዝደንቕ ኣይኮነን። ምኽንያቱ መንግስቲ ናታቶም ሓሳብ ተቐባላይን ጥቕሚ ደላይ ኣይኮነን ኢሎም።

ከም ሃገር እቲ ዓብይ ፀገም ሓሰተኛ ዝመፅ ሓበሬታ ኹሉ ትኽክል ገይርካ ናይ ምቕባል ኩነታት ምህላዉ ’ዩ ዝበሉ ኣንተነህ (ዶክተር) ሓበሬታ ምግምጋም ፣ምግንዛብ ልምዲ ብዘይምህላዉ ሓሰተኛ ሓበሬታ ብቀሊሉ ናይ ምቅባል ኩነታት ይስተውዓል ’ዩ። እዚ ንምእራም ሓበሬታ ብዝግባእ ጊዜ ንህዝቢ ምቕራብ ስራሕ ብዝተወደበ መገዲ መስራሕ ይግባእ። ህዝቢ ’ውን ሓበሬታ ምፅራይ ልምዲ ንክለምድ መራኸቢ ሓፋሽ ክሰርሑ ይግባእ። ከየፃረና እንቅበሎ ሓበሬታ ክህሉ የብሉን። ኹናት ዓወት ዝመፅእ ፊት ንፊት ምግጣም ጥራሕ እንተይኾነስ ትኽክለኛ ገፅታ ሃገርና ዘለናሉ ኩነታት ብምግንዛብ ብኹሉ ዘፈር ብምስራሕ ከምዝኾነ እቶም መምህር ገሊፆም።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ‹‹ሃገረይ እሕልው መስዋእትነት‘ውን እኸፍል››

ራዕዳዊ ህወሓትን ተለኣኣኽቱን ኣብ ሃገርና ኣብ ህይወት ሰብን ንብረትን ቐሊል ዘይባሃል ክሳራታት ምብፃሖም ይፍለጥ። ብፍላይ ጉጅለ ህወሓት መንእሰይ ትግራይ ብምትላል ናብ ኲናት ክወፍሩ ብምግባር ኣብ ህዝቢ ትግራይ ከቢድ ኪሳራታት ኣስዒቡ ‘ዩ።

መንግስቲ ፌደራል ነዚ ተረዲኡ ካብ መጀመርታ ኣትሒዙ መናእሰይ ትግራይ ካብ እከይ ተግባር ህወሓት ተቖጢቦም ኢዶም ብሰላም ንመንግስቲ ብምሃብ ናብ ሰላማዊ ናብረኦም ክምለሱ ብተደጋጋሚ ፃውዒት እናቕረበ ፀኒሑ ‘ዩ። እቲ ኵናት ናይ ውክልና ኲናት ስለዝኾነ መናእሰይ ትግራይ ካብቲ ጁንታ ተነፂሎም ኣብ ጎኒ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንክሰለፉ መንግስቲ ብተደጋጋሚ ዋላ እንተሓተተ ውፂኢታዊ ምኳን ኣይከኣለን።ሐዚ እዚ ሓይሊ ኣብ ህልውና ሃገር ዓብይ ሓደጋ ደቂኑ ይርከብ።እዚ ራዕዳዊ ሓይሊ ሉኣላዊነታ ሓሊያ ዝነበረት ሃገር ንምፍራስ ላዕልን ታሕትን እናበለ ‘ዩ። ስለዚ እዚ ምፍሻል ካብ ኩሉ ኢትዮጵያዊ ትፅቢት ይግባር።ሃገሩ ክሕልውን መስዋእትነት ክኸፍልን ይግባእ።

ኣብዚ ሰሙን እዚ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣደባባይ መስቀልን ኣብ ዝተፈላለዩ ከፋላት ሃገርና «ሃገረይ እሕልው መስዋዕትነት እኸፍል» ብዝብል ቴማ ንራዕዳዊያን ህወሓትን ሸኔን ፣ ንኢድ ኣታውነትን ሓደ ሓደ ምዕራባዊያን መንግስታትን፣ ፀብፃብ ሓሶም ሓደ ሓደ ወፃኢ ሚድያ ዘውግዝ ከምኡ ድማ ንሰራዊት ምክልኻል ሃገር ዝድግፍ ሰላማዊ ሰልፊ ተኻይዱ ኣሎ።ኣብዚ ሰልፊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ሃገሩ ንምሕላው ስጋብ መስዋእትነት ምኽፋል ዘለዎ ድልውነት ኣረጋጊፁ’ዩ።

ኣብዚ ሰልፊ ዝተሰምዑ ጭርሖታት ህዝብታት ኢትዮጵያ ብጉጅለ ራዕዳዊያን ዝመፅእ ጥፍኣት ብህዝባዊ ማዕበል ብምቅልባስ ኢትዮጵያውያን ንሉኣላዊነት ህዝባን ነፃነት ከምኡ ’ውን ኹሉ ዜጋ ብናፅነት ዝነብረላ ሃገር ንምፍጣር ዝገብር ወፍሪ ናይ እጃሞም ንምውፃእ ዝገብሮ ምቅስቃስ ዘመልከት’ዩ። ካብዚ ሓሊፉ ሉኣላዊነት ሃገር ንምውሓስ ህዝቢ ሐዚ’ውን ድልው ከምዝኾነ ዘረጋገፀ ስለዝኾነ ተጠናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ።

ምዕራባዊያን መማህራን ዲሞክራሲ ኢና እናበሉ ኢትዮጵያውያን ዲሞክራሲያዊ መሰሎም ተጠቒሞም ዝመረፅሕዎ መንግስቲ «ኣይኸውንን ኣንሕና ኢና ባንቡላ መንግስቲ ንመርፀልኩም» ብምባል ሃገር ናይ ምፍራስ ትምኒቶም እናርአዩና ‘ዮም ።እዚ ድሌቶም ንራዕዳዊያን ሓይልታት ብዝተፈላለየ መገዲ ብምድጋፍን ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ፅዕንቶ ብምዕራፍን እናርኣዩ ይርከቡ።እዚ ኣካይዳ ፀረ ዴሞክራሲ ካብ ምኳን ሓሊፉ ኣብ ልዕሊ ውሽጣዊ ጉዳይ ሓገር ኢድ ምእታውን ንምፍራስ ኣብ ዝግበር ፃዕሪ ተሓባባሪ ምኳንን ስለዝኾነ ህዝቢ እቲ ሐዚ ዘካይዶ ዘሎ ሃገር ንምሕላውን መስዋእትነት ንምኽፋልን ዘለዎ ድልውነትን ተግባርን ዝያዳ ብምጥንኻር ሃገሩ ከድሕን ይግባእ።

ቅድሚ ሐዚ ኢትዮጵያውያን ብእኹል ከይተዓጠቑ ምስ ፀላኢ ተዋጊኦም ንኢትዮጵያ ናፃ ገይሮማ ‘ዮም ።ትማሊ ናፃ ሃገር ኢና ነይርና፣ሎሚ ‘ውን ናፃ ሃገር ኢና፣ፅባሕ ‘ውን ናፃ ሃገር ኾይንና ክንቕፅል ኢና።ዝተረከብናያ ሃገር መስዋእትነት ብምኽፋል ናፃ ገይርና ንቐፃሊ ወለዶ ክነረክብ ይግባእ።ንዚ ድማ መስዋእትነት ምኽፋል ግድን ይኸውን።

ሐዚ ኢትዮጵያ ኣብ ፈተና ትርከብ።ምዕራባዊያን ሚድያታት ምስ ራዕዳዊያን እናተናበቡ ፕሮፖጋንዳ ብምንዛሕ፣መንግስታቶም ድማ ብፅዕንቶ ንምንብርኻኽ ዝተዋደደ ፃዕሪ እናገበሩ እንተኾነ’ኳ፤እዚ ወለዶ ካብ ወለዱ ዝተረከባ ሃገር መስዋእትነት ብምኽፋል ንቐፃሊ ወለዶ ንክረክብ፣ሂወቱ ገቢሩ ኢትዮጵያ ክነፅንሓ እናተረባረበ ይርከብ።እዚ ርብርብ ሃገር ውሕስቲ ንምግባር ዘኽእል ስለዝኾነ ኩሉ ኢትዮጵያዊ እጃሙ ከወፌ ኣለዎ።እቲ ጀሚሪዎ ዘሎ ከባቢኡ ምሕላው፣ምድጋፍን ናብ ግምባር ምውፋርን ከጠናኽሮ ግድን ይኸውን።

ኢትዮጵያ ሕዚ ‘ውን ፀላእታ ስዒራ ጎብለልን ተምሳሌትን ኣፍሪካ ክትከውን ‘ያ። ኢትዮጵያ ንምፍራስ ዝተበገሱ ሰባት ሂወቶም ገቢሮም ንኢትዮጵያ ዘፍርሱ እንተኾይኖም ኢትዮጵያዊን ከዓ ሂወትና ገቢርና ንኢትዮጵያ ክነድሕና ይግበአና።

ኢትዮጵያ ንምፍራስ ዝተሓባበረ ሓይሊ፣ ኢትዮጵያ ንምውሓጥ ዝተለዓለ ገበል ብርሕቐት ዘይኮነስ ብቐረባ ተዋጊእኻ ከምዝፈርስ፤ ብኣንፃሩ ኣትዮጵያ ለምሊማን ባንዲራኣ ልዕል ኢሉ ዝረአየሉ እዋን ከምዝመፅእ ኩሉ ክፈልጦ ይግባእ።ንዚ ድማ ሐዚ ሃገር ምሕላውን መስዋእትነት ምኽፋልን ግድን ይኸውን።


ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**

ቁፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**

የካ ክ/ከ

ወረዳ 14

የቤት ቁጥር 520/20

ኢሜይል - fekadumola@press.et

ስልክ ቁጥር - 011-1-56-98-77

**ኣሰናዳእቲ**

ማዕረግ ገ/ሄር

መሰረት ገ/ዮሃንስ

ትርሓስ ፍቃዱ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**

ኢሜይል - epapromotion@press.et

ስልክ - 011-156-98-73

ፋክስ - 011-126-58-12

**ክፍሊ መቖበሊ ምልሳይ**

ስልክ ቁጥር - 011-156-98-65

ፋክስ - 011-157-44-40

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**

ስልክ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**

ስልክ ቁጥር - 011-157-02-70


# ነፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ። ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቅዋም ኣይኮኑን።

## ሃገር ንምድሓን ሓድነት ምርግጋፅ

መኣርግ ገ/ሄር

ህዝቢ ኢትዮጵያ ሃገሩ ንምድሓን ኣብ ጎኒ መንግስቲ ምኳኑ እናረጋገፀ መፂኡ ‘ዩ፤ ሕዚ ‘ውን ኣሐይሉ እናቐፀለሉ ይርከብ። ካብ ዓበይቲ ዓዲ፣ ሓርበኛታት፣ ሓለፍቲ ስራሕ መንግስቲን መናእሰይን ክብሪ ሃገር ንምሕላው ዘርእይዎ ዘለዉ ቁርፀኝነት ዝነኣድ እዩ። ብዓይነትን ብገንዘብን እንተየቐረየ ህዝቢ ዝኸኣሎ ኩሉ ኣብ ምውፋይ እዩ ዝርከብ። ኩሉ ነገር ትሕቲ ሃገር እዩ ብምባል ድጋፉ ኣጣናኺ እናቐፀለ እዩ ዘሎ።

ብኣሻሓት ዝቖፀሩ መናእሰይ ኣብ ልዕሊ ሃገር ንምፍራስ ዝሰርሕ ዘሎ ጉጅለ ራዕዳዊ ህወሓት ዘየናሕሲ ስጉምቲ ንምውሳድ ናብ ሰራዊት እናተፀመሩ እዮም ዝርከቡ። እዞም መናእሰይ እዚኦም ታሪኽ ኣያታቶም ብምድጋም ሃገሮም ካብ ጉጅለ ራዕዲ ህወሓት ናፃ ንምግባር ቖሪፆም ዝተላዕሉ ምኳኖም ብዝተፈላለዩ ኣጋጣምታት እናገለፁ እዮም ዝርከቡ።

ጁንታ ህወሓት ኣብ ሃገርና ቐሊል ዘይባሃል ክሰራታት ኣብፂሑ እዩ፤ መንእሰይ ትግራይ ብምትላል ናብ ኲናት ክወፍሩ ብምግባር ኣብ ህዝቢ ትግራይ ከቢድ ክሳራታት ኣስዒቡ እዩ። መንግስቲ ነዚ ተረዲኡ ሕዚ ካብ መጀመርታ ኣትሒዙ መናእሰይ ትግራይ ካብ እኩይ ተግባር ህወሓት ተቖጢቦም ኢዶም ብሰላም ንመንግስቲ ብምሃብ ናብ ሰላማዊ ናብረኦም ክምለሱ ብተደጋጋሚ ፃውዒት እናቕረበ ፀኒሑ እዩ። ጁንታ ዘካይዶ ዘሎ ኵናት ናይ ውክልና ኲናት እዩ፤ መናእሰይ ትግራይ ካብቲ ጁንታ ተነፂሎም ኣብ ጎኒ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንክሰለፉ መንግስቲ ብተደጋጋሚ ዋላ እንተሓተተ ዕውት ክኸውን ኣይከኣለን። እዚ ድማ ብሰንኪ ጁንታ ህወሓት እዩ። በዚ ምኽንያት ጁንታ ህወሓት ክሳብ ሕዚ ህፃናት ምስ ሽማግለታት እንተይቐረዩ እናታለለ ብኣሻሓት ናብ ግንባር እናሰለፈ እዩ ዘሎ። እዚ ድማ ብፍላይ ንህዝቢ ትግራይ ኣዝዩ ዝጎድእ ተግባር እዩ።

ጁንታ፣ ኢትዮጵያ ክሳብ ሐዚ ሉዓላዊነታ ሓሊያ ዝነበረት ሃገር ንምፍራስ ላዕልን ታሕትን እናበለ እዩ ዘሎ። ኢ-ሰብኣዊ ተግባራት እናፈፀመ፣ ኢትዮጵያውያ ብቋንቋ፣ ሃይማኖትን ብሄርን እናኸፋፈለ ዝነበረ ጉጅለ ጥፍኣት እዩ። እዚ ኣይኣክልን ኢሉዎ ዶብ ሃገር ኣብ ልዕሊ ዝሕሊ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ዓብዩ ግፍዒ ኣብፂሑ ምስ ሓይሊታት ወፃኢ ብምኳን ኢትዮጵያ ንምፍራስ ዋላ እናሰርሐ እንተኾነ ብሓድነት ህዝቢታት ኢትዮጵያ ክፍሽል ክኢሉ እዩ። ህዝቢ ኣብ ጎኒ መንግስቲ ኮይኑ ሓድነት ብምሕያል ዘይርሳዕ ታሪኽ እናሰርሐ እዩ ዝርከብ።

ኣብ መላእ ሃገር ንሰራዊት ምክልኻል ሃገር ዝድግፉን ንጉጅለ ህወሓት ዝቃወሙን ሰልፍታት፣ደገፋት ከምኡ ‘ውን መናእሰይ ናብ ሰራዊት ናይ ምስናይ መደባት እናተኻየዱ እዮም ዘለዉ። ህዝቢ ኣብ ጎኒ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ምኳኑ ብሓሳብን ብተግባርን ድጋፍ እናገበረ እዩ ዘሎ። ብኣሻሓት ዝቖፀሩ መናእሰይ ናብ ሰራዊት እናተፀንበሩ ናብ ታዕሊም ይኣትዉ ኣለው እዮም። ፍሉይ ሓይልታት ክልላት ’ውን ሃገሮም ንምድሓን ናብ ግንባር እናኸተቱ እዮም ዘለዉ። መንእሰይ ኣብ ጎኒ ሰራዊት ብምስላፍ ክብሪ ሃገሩ ንምድሓን ክቡር ህይወቱ እናኸፈለ እዩ ዝርከብ። እዞም መናእሰይ እዚኦም ሰላም ብምስፋን ልምዓት ንምርግጋፅ ቖሪፆም ዝተላዕሉ እዮም። ህዝቢ ኢትዮጵያ ድማ ብሓባር ራዕዳዊ ህወሓት ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ዝፍፅሞ ዘሎ ግፍዒታት ኣብ ምኹናን እዩ ዝርከብ።

ሕዚ ‘ውን ኣብ ተፈላለዩ ከተማታት ሃገርና ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ብምድጋፍን ራዕዲዊ ህወሓት ብምውጋዝን ተጣናኺሩ እናቐፀለ እዩ ዘሎ። ብኣሻሓት ዝቑፀሩ መናእሰይ፣ ዓበይቲ ዓዲ፣ ኣመራርሓን ነበርቲን ተግባር ራዕዳዊ ህወሓት ኣብ ምቅዋምን ኣብ ምድጋፍን እዮም ዝርከቡ። ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ክል ዓፋር ራዕዲዊ ህወሓት ዘውግዝ ሰልፊ ብተጋሩ እንተይቐረየ ተኻይዱ እዩ። ከምኡ ‘ውን ተወለድቲ ኣፉሮቶት እቲ ጁንታ ኣብ ልዕሊ ሰበኽ ሳግም ዓፋር ዝኸፈቶ ጥቕዓት ዘውግዝ ወፍሪ ተኻይዱ እዩ።

ኣብ ዝተፈላለዩ ከተማታት ክልል ኣምሓራ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ብምድጋፍን ንራዕዲ ህወሓት ዘወግዙ ሰልፊታት ኣብ ተፋላለዩ እዋናት ተኻይዶም እዮም። ኣብ መብዛሕተኦም ከተማታት ክልል ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ብምድጋፍን ራዕዲ ህወሓት ብምውጋዝን እናተኻየዱ እዮም ዘለዉ።

ሰልፊ ጥራሕ እንተይኮነስ ህዝቢ ካብ ዘለዎ ሃፍቲ ብምውፃእ ዝኸኣሎ ኩሉ ንሰራዊት ምክልኻል ደገፍ ምግባሩ ይዝከር እዩ። ሕዚ ‘ውን ኣብ ጎኒ ምክልኻል ሰራዊት እዩ ዘሎ። እዚ ዘሪኣካ ኣብ ጎኒ ሰራዊት ምስላፉን ዝውሰድ ዘሎ ስጉምቲ መንግስቲ ግቡእ ከምዝኾነ እዩ።

በተመሳሳሊ መናእሰይ ‘ውን ልኣላውነት ሃገር ንምኽባር ዝተገበረ ፃውዕት ብምቕባል ብድልየቶም ናብ ታዕሊም እናወሓዙ እዮም ዝርከቡ። ኣብ ልዕሊ ሃገር ዘንፀላለወ ትንኮሳ ውሽጢን ወፃኢን ብምምካት ልኡላዊት ኢትዮጵያ ንክትቅፅል ዜግነታዊ ሓላፍነት ኣብ ምውፃእ ይርከቡ። እዞም መናእሰይ እዚኦም ሉኣላውነት ሃገር ንምኽባር ብዝረኸብዎ ታሪኻዊ ዕድል እናሰርሑ እዮም ዝርከቡ።

ኮይኑ ግና እዚ ከምዚ እናሃለወ ኣሜሪካ ሓዊሱ ከም ሃገራ ምዕራባውያን ብምድያታተን እንተይቐረየ ናይ ጉጅለ ራዕዳዊ ህወሓት ፕሮፖጋንዳ ብምኳን እናገልገላ እየን ዝርከባ። ኣብዚ ሰሙን እዚ እኳ እንተሪእና ብ ሲ ኤን ኤን (CNN) ዝተጋወሐ ሓሳብ ፍፁም ኣብ መሬት ዘየሎን ነቲ ራዕዳዊ ህወሓት ዝወገነ ከም ዝነበረ ግልፂ እዩ።


እዞም ምድታት እዚኦም ጉጅለ ህወሓት ብምውካል ምምሕዳር ባይደን ንምእማን እናሰርሑ እንትኾኑ ነዚ ጉጅለ እዚ ቕድሚ ሕዚ ብምምሕዳር ኦባማ ‘ውን ዝድገፍ ከምዝነበረ ይፍለጥ እዩ። ይኹን እምበር ኢትዮጵያ በዚ ኣፀጋሚ መገዲ ብምሕላፍ ፅቡቕ ዓወታት ካብ ምምዝጋብን መንግስቲ ዝሓንፀፆ መስመር ብምልፅግና ካብ ምርግጋፅ ዝዓግታ ምድራዊ ሓይሊ የለን። ናብ ዲሞክራስያዊ ብርሃን እናተጉዓዘት እያ ዘላ። ሃገርና ኣብ ዘመን ህወሓት ዘይነበረ ነፃነት ምዝራብን ኣተሓሕዛ ሰብኣዊ መሰልን ተግባራዊ ንምግባር ብዘይ ምስልቻው እናሰርሐት ትርከብ። ኣብ ዝኾነ ዲሞክራስያዊ ተግባር ከይዲ ውሽጢ ኣፀገምትን ፈተንቲ ኩነታት ዘይጠፍእ ብምኳኑ መንግስቲ በዚኦም ዕንቅፋት ንምሕላፍ ብባዕሉ መገዲ መመራፂ ዘርጊሑ እናሰርሐ እዩ ዘሎ።

ብታሪኽ ሃገርና ብባዕዳዊ ደርቢ ብዘይምግዛኣ ናይ ባዕላ ታሪኽን ባህልን ሓልያ ዝፀንሓት ብምኳናን ምስ ቻይና ዝመስረተቶ ሕውነታዊ ኣብ ዓይኒ ንክትኣቱ ገይርዋ እዩ። ባዕዳውያን መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ግዜ ዝሓለፎ ሓሳብ ብምስዓም ኢትዮጵያ ንክትምዕብል ዘይደልዩ እንትኾኑ ኹሉ ግዜ ፅግዕተኛን ተፀባይት ሓገዝ ኣውሮፓ ኾይና ምርኣይ እዮም ዝደልዩ። ሃገር ንቅድሚት እትገብሮ ጉዕዞ ሓገዝ ዘድልያ ከምዝኾነ ዘይካሓድ እንተኾነ ብናይ ባዕሎም ድሌት ከትሕፀር ግና ዝፈቕድ መንግስቲ ከምዘየለ ክፈልጡ ይግባእ።

እዞም ሃገራት እዚኦም ናይ ህወሓት ግፍዕታት ሪኦም ከምዘይራኣዩ ዝነበሩ እዮም። ኸዚ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንለውጢ፣ ሰላምን ምርግጋፅን ንምስፋን ንምስራሕ ካብ ልቡ ተላዒሉ እዩ። መንግስቲ ድማ ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተ ዓመታት እናተኸፋፋለት ዝፀንሐት ሃገር ብዝተፀንዐ መገዲ ናብ ሓድነት ንምምፃእ ግዜ፣ፍልጠትን ክእለትን ከምኡ’ውን ትዕግስቲ ኣዋፊዱ ኣብ ምስራሕ እዩ ዝርከብ። ኮይኑ ግና እዞም ፈተናታት ንምስጋር ግዜ ዝሓትት ብምኳኑ መሊኦም ክጠፍኡ ኣይኽኣሉን እዮም። ኣብዚ ከይዲ ውሽጢ እዚ ቅንዕናን ተኣማንነትን እናሰፈነ እንተኸይዱ ኣብዝሓፀረ እዋን ምክፍፋል ክጠፍእ እዩ ኢለ ይኣምን።

# እዋናዊ ዛዕባ

## ራዕዳዊ ህወሓትን ሸኔን ዝኹንኑ ሰልፍታት



ኣብ ዝተፈላለዩ ካፋላት ሃገርና ራዕራዊ ህወሓትን ሸን ዘውግዙን ንሰራዊት ምክልኻል ሃገር ዝድግፉን ሰላማዊ ሰልፍታት ተኻይዶም 'ዮም።ኣብዞም ሰልፍታት ኢትዮጵያዊያን ንዞም ራዕዳዊ ጉጅለታት ካብምውጋዝ ሓሊፎም ምዕራባዊያንን መራኸብቲ ሓፋሻቶም ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ዝገብርዎ ፅዕንቶ ግቡእ ከምዘይኮነን ከምዝኩንንዎን ኣብ ዘስምዕዎ ጭርሖታት ኣስሚዖምዮም። እቶም ሰልፍታት ኣዲስ ኣበባ ሓዊሱ ኣብ ኦሮሚያ፣ ሶማል፣ ደቡብ፣ ሓረሪ፣ ቤኒሻንጉል ጉምዝ፣ ሲዳማ ክልላት ተኻይዶም'ዮም።

ኣብ ከተማ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ተገበረ ንግብረ ራዕዳውያን ህወሓትን ሸኔን ዝኹንን ከምኡ 'ውን ንሰራዊት ምክልኻልን ካልኦት ኣካላት ፀጥታን ዝድግፍ ህዝባዊ ሰልፊ እንትካየድ፣ ነበርቲ እታ ከተማ ከካብ ከባቢኦም «ጁንታ ፀላኢ ኢትዮጵያ 'ዩ፣ ሓላፍነትና ታሪኻዊ 'ዩ፣ ንወራሪ ፀላኢ ኣይንምብርከኽን፣ ንሕና እናሃለና ኢትዮጵያ ኣይትፈርስን፣ ንደጋዊ ፅዕንቶ ዝምብርከኽ መንነት የብልናን፣ ኢትዮጵያ ብውክልና ኲናት ኣይትምብርከኽን፣ ራኢ ኢትዮጵያ ዝኾነ ይኹን ደው ኣየብሎን!፣ መስዋእትነት ክንከፍል ኢና ኢትዮጵያ እውን ክትቅፅል ኢያ!" ዝብሉን ካልኦትን ጭርሖታት ሒዞም ኣብ ኣደባባይ መስቀል ኣካይዶም'ዮም።

ብናይ ሓሶት ፕሮፓጋንዳን ወፍሪ ሚዲያን ምስሊ ሃገረይ ኣይበላሾን ክብሉ ኣብ መስቀል ኣደባባይ ዝተዓደሙ ነበርቲ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ገሊዖም።«ትማሊ ንወረርቲ ኣይተምበርከኽናን፤ ሎሚ እውን እይንምብርከኽን!ንፅዕንቶ ወፃኢ ዝምበርከኽ መንነት የብልናን!ምስጢራት ዓወትና ፍትሒን ሓቂን ኢዮም! ኢትዮጵያ ብጀጋኑኣ ሓፊራ ኣይትፈልጥን! »ዝብሉ ጭርሖታት 'ውን ኣስሚዖም።

ኣብ ክልል ኦሮሚያ ነበርቲ ከተማ ኣሰላ ብወገኖም፣ኣብ ዝገበርዎ ሰላማዊ ሰልፊ "ንሕና ብሉኣላውነትና ተደራዲርና ኣይንፈልጥን" ዝብል ካልኦት ጭርሖታት ብምሓዝ ንግብረ ራዕዳውያን ህወሓትን ሸኔን ብምኹናን ካብ ንጉሆ ሰዓት 12 ጀሚሮም ኣብ ሓምለዋይ ስታዲየም ኣሰላ ተኣኪቦም።

ኣብ ዞባ ኣርሲ ከተማ ኣሰላ ካብ 8ቲኦን ጣብያታት ዝተውፃዕኡ ብኣሽሓት ዝቑፀሩ ዜጋታት ኣነ 'ውን ንሃገረይ ወታደር 'የ፣ ንሕና ብሉኣላውነትና ተደራዲርና ኣይንፈልጥን፣ ኢትዮጵያ ንምድሓን ክዘምት 'የ ዝብሉ መልእኽቲታት ተመሓላሊፎም።

ህዝቢ ዞባ ምዕራብ ሸዋ ንግበረ ህወሓትን ሸኔን ዝኹንንን ንሰራዊት ምክልኻል ዝድግፍን ህዝባዊ ሰልፊ ኣብ ከተማ ኣምቦ እንተካይድ ድማ፣ እቶም ሰልፈኛታት ካብ ከተማ ኣምቦ ሓዊሱ ኣብቲ ዞባ ካብ ዝርከባ ወረዳታት ዝተውፃእፅኡ ክፋላት ሕብረተሰብ ተሳቲፎም'ዮም።

እቶም ሰልፈኛታት ዕላማ ምፍራስ ግብረ ራዕዳውያን ህወሓትን ሸኔን ንምፍሻል ድሉዋት ከምዝኾኑ ዝገለፁ እንትኾን፣ "ጭካነ ምጥፋእ ሃገር እቶም ግብረ ራዕዳውያን ሓደ ኮይንና ክንምክት ኢና!፣ ኢትዮጵያ ንፀላኢ ተምበርኪኻ ኣይትፈልጥን፣ ሸኔን ወያነን ፀላእቲ ህዝቢ ኦሮሞ 'ዮም፣ ህዝቢ ኦሮሞ ንወያነ ኢዱ ኣይህብን፣ ወያነን ሸኔን ቀንዲ ፀላእቲ ቀሬን ቄሮን 'ዮም" ዝብሉ ጭርሖታት ብምግዋሕ ነቶም ግብረ ራዕዳውያን ኮኒኖም።

ነበርቲ ዞባ ምዕራብ ጉጂ ድማ ብሓድነትን ሉኣላውነትን ሃገር ከምዘይደራደሩ ዝገለፁ እንትኾን፣ እቶም ነበርቲ ኣብ ቡሌሆራ ኣብ ዘካየዱዎ ሰላማዊ ሰልፊ መፍረሲ ምንቅስቓስ ግብረ ራዕዳውያን ህወሓትን ሸኔን ኮኒኖም።ተሳተፍቲ እቲ ሰልፊ ከምዝገለፁዎ፣ ወለዶ ካብ ማንም እዋን ንላዕሊ ሃገር ናይ ምድሓን ታሪኻዊ ሓላፍነት ተነቢሩሉ ኣሎ ኢሎም።

ግብረ ራዕዲ ህወሓት ኣብ ልዕሊ ንፁሃን ዝፍፅሞ ግፍዒ ደው ንምባል ዝተሓባበረ ቅልፅም ከምዘድሊ ዝገለፁ እቶም ሰልፈኛታት፥ ነዚ ድማ ብሃገሮም እንተይተደራደሩ እቲ ጉጅለ ንምድምሳስ ኣብ ዝግበር ፃዕሪ ከምዝሳተፉ ኣረጋጊዖም።

ሕልሚ ምፍራስ ሃገር ህወሓትን ሸኔን ንምምካን ድሉዋት ከምዝኾኑ ድማ ነበርቲ ዞባ ምዕራብ ኣርሲ ገሊፆም። ሓይሊታት ወፃኢ ኢትዮጵያ ንምፍራስ ዝገብሩዎ ኢድ ኣእታውነት ከምዝቃወሙ ኣብ ዞባ ባሌ ነበርቲ ከተማ ጎባን ከባቢኣን ገሊፆም'ዮም።

እቶም ነበርቲ ንሰራዊት ምክልኻ ዝድግፍን ፅዕንቶ ሓይሊታት ወፃኢ ዝኹንንን ሰላማዊ ሰልፊ እንትኣካይዱ፣ ሸርሒ ጥፍኣት ግብረ ራዕዲ ህወሓት ብምፍሻል ህልውና ሃገር ንምኽባር ኣድላዪ መስዋእትነት ከምዝኸፍሉ 'ውን ኣፍሊጦም።

«ሰራዊት ምክልኻል ኣርማ ሉኣላውነትና ኢዩ፣ ሉኣላውነትና ብደምን ዓፅምቲናን ክነኽብር ኢና፣ ግብረ ራዕዳውያን ህወሓትን ሸኔን ፀላእቲ ኢትዮጵያ ኢዮም»ዝብሉ ጭርሖታት ኣስሚዖም።

ነበርቲ ዞባ ምዕራብ ኣርሲ ድማ፣ ዕላማን ሕልሚን ምፍራስ ሃገር ግብረ ራዕዳውያን ህወሓትን ሸኔን ንምምካን ድሉዋት ከምዝኾኑ ገሊፆም።ግብረ ራዕዲ ህወሓትን ጉጅለ ራዕዲ ሸኔን ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ዝገብሩዎ ምንቅስቓስ ጥፍኣት ብምኹናን፣ ንሉኣላውነት ሃገር እናተዋደቑ ንዝርከቡ ሰራዊት ምክልኻል ሃገር፣ ኣካላት ፀጥታን ህዝባዊ ሓይሊን ዘለዎም ድጋፍ ገሊፆም።ኣብቲ ሰላማዊ ሰልፊ ካብ 13 ወረዳታትን ክልተ ምምሕዳር ከተማታትን እቲ ዞባ ዝተውፃእፅኡ ብኣሽሓት ዝቑፀሩ ነበርቲ ተሳቲፎም።

"ሰራዊት ምክልኻል ማእገርና ኢዩ፣ ህወሓትን ሸኔን ፀላእቲ ኢትዮጵያ ኢዮም፣ ናብ ሰራዊት ምክልኻል ብምፅምባር ህልውና ሃገርና ክነኽብር ኢና፣ ንሕና እናሃለና ሃገርና ብእኩይ ውልቀ ሰባት ኣይትፈርስን» ዝብሉን ካልኦትን ጭርሖታት ኣስሚዖም።

ነበርቲ ክልል ሃረሪ ብወገኖም ኣብ ከተማ ሃረር ስታዲየም ኢማም ኣሕመድ ኣብ ዝተኻየደ ሰላማዊ ሰልፊ ካብ ገጠርን ከተማን እቲ ክልል ዝተውፃእፅኡ ነበርቲ ዝተፈላለዩ ጭርሖታት ኣስሚዖም።ንግብረ ራዕዳውያን ህወሓትን ሸኔን ብምቅዋም ከምኡ 'ውን ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ህልውና ሃገር ንምርግጋፅ እናገበሮ ዝርከብ ተጋድሎ ደጊፎም።

ኣብ ክልል ሶማል ከተማ ነበርቲ ጅግጅጋ ድማ ግብረ ራዕዲን ጉጅለ ጥፍኣትን ንዝኾ ህወሓት ዝኹንን ሰላማዊ ሰልፊ እንተኣካይዱ፣ ካብ 20 ጣብያታት እታ ከተማ ዝመፅኡ ነበርቲ ከተማ ጂግጂጋን ኣመራርሓታት ምምሕዳር ከተማን ዝተረኸቡ እንትኾን፣ ኣመሓዳሪ ዞባ ፋፈን ኣይተ ኣብዲሐኪን መሓመድ መደረ ኣስሚዖም።

ኣብቲ ሰላማዊ ሰልፊ ተረኺቦም መደረ ዘስምዑ ኣመሓዳሪ ዞባ ፋፈን ኣይተ ኣብዲሐኪን መሓመድ፣ እቲ ግብረ ራዕዲ ጉጅለ ንሰለስተ ዓሰርተ ዓመታት ኣብ ልዕሊ ሃገርን እቲ ክልልን ዘብፀሖ ግፍዒን መከራን ከየኣክል ሕዚ 'ውን ህዝቢን ሃገርን ንምብታን ምስ ዝተፈላለዩ ሓይሊታት ጥፍኣት ኮይኑ ሃገር ንምፍራስ ዝገብሮ ሸርሒ ከምዝኹንኑን ብሓድነት ምቅላስ ከምዝግባእን ገሊፆም።

ነበርቲ ከተማ ጂግጂጋ ብግደኦም፣ግብረ ራዕዲን መፍረሲ ሃገርን ንመወዳእታ ግዘ ንምጥፋእ መንግስቲ ዝገብሮ ወፍሪ ምኽባር ሕጊ ክሳብ መወዳእታ ከምዝድግፉ ብምግላፅ፤ ኣብ ጎኒ ሰራዊት ምክልኻል ደው ከምዝብሉ ካብ መራኸቢ ሓፋሽ ክልል ሶማሌ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።

ነበርቲ ከተማ ጎዴ ድማ ኩልና ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ኢና ዝበሉ እንትኾን ፣ ኣብቶም ሰላማዊ ሰልፌታት« ኣብ ጎኒ ሰራዊት ምክልኻል ኢና፣ ግብረ ራዕዲ ህወሓት ዳግም ክምለስ ኣይንፈቅድን፣ ዝብሉ ጭርሖታት ከምዘስምዑ መራኸቢ ሓፋሽ ሶማሌ ፀብፂቡ።

ኣብ ክልል ሲዳማ ኣብ ዓለም ለኸ ስታዲየም ሃዋሳ መንግስቲ ክልል ሲዳማን ነበርቲ ከተማ ሃዋሳን ንግብረ ራዕዳውያን ህወሓትን ኦነግ ሸኔን ብምቅዋም ሰልፊ እንተኣካይዱ፣ ንሕና እናሃለና ሃገርና ብጁንታ ኣይትፈርስን፤ ንጁንታ ክነጥፈኦ ኢና፣ ሃገርና ብኽብራ ክትነብር ኢያ ኢሎም ።

ኣብ ክልል ደቡብ ዞባ ሃላማ ኣብ ተገበረ ሰልፊ ድማ ኩልና ኢትዮጵያን ካብ ግምባር ክሳብ ደጀን ሰራዊት ኢትዮጵያ ኢና ክብሉ ነበርቲ ዞባ ሃላባ ገሊፆም።

እቶም ነበርቲ ንግብረ ራዕዳውያን ህወሓትን ሸኔን ዝኹንን ሰልፊ እንተኣካይዱ፣« ግብረ ራዕዳውያን ህወሓትን ሸኔን ንኹንንነ!!ኢድ ኣእታውነት ወፃኢ ብዝተሓባበረ ቅልፅምና ክነፍሽሎ ኢና!፣ኩልና ኢትዮጵያን ካብ ግምባር ክሳብ ደጀን ሰራዊት ኢትዮጵያ ኢና! ፣ ብሔራዊ ረብሓናን ሃገራዊ ሉኣላውነትናን ይከበር!! ዝብሉ ጭርሖታት ተሓንጊጦም ኣብ ከተማ ቁሊቶ ድሙቕ ሰላማዊ ሰልፊ ምካያዶም ካብ ኮሙዩኒኬሽን መንግስቲ ክልል ደቡብ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።

ኣብ ከተማ ሶዶ ኣብ ተኻየደ ሰልፊ ድማ ፣ ኣብ ዞባ ወላይታ ካብ ዝርከባ ወረዳታትን ምምሕዳር ከተማታትን ዝተውፃእፅኡ ክፋላት ሕብረተሰብ ተሳቲፎም'ዮም። እቶም ሰልፈኛታት፣ ግብረ ራዕዳውያን ህወሓትን ሸኔን ተግባር ሃገር ናይ ምጥፋእ ጭካነ ብሓድነት ክንምክቶ ኢና!፣ ኢትዮጵያ ትሰዓር ሃገር ኣይኮነትን!፣ ከባቢየይ ክሕሉ 'የ ሃገረይ ንምድሓን ክዘምት 'የ!፣ኩልና ብሓባር ሓሊታት ጥፍኣት ክንምከት ይግባእ! ዝብሉ ጭርሖታት ኣስሚዖም። ልኡኽቶ ህወሓት ዘፈፅሙ ኣብ በቢከባቢኡ ተሸጕጦም ዝርከቡ ባንዳታት ብምቅላዕ ናይ ባዕልና ግደ ክንዋፃእ ይግባእ!፣ ብደምን ዓፅሚን ጀጋኑና ዝተሃነፀት ሃገር ብእከይ ተግባር ግብረ ራዕዳውያን ህወሓትን ሸኔን ኣይተፈርስን! እውን ኢሎም። ኣብ ዞባ ጌዴኦ ኣብ ከተማ ዲላ ንህወሓትን ሸኔን ዝኹንን ህዝባዊ ሰልፊ እንትካየድ ድማ ፣ንጅግና ሰራዊት ምክልኻል ዘለዎም ድጋፍ ብዝተፈላለዩ ጭርሖታት ኣስሚዖም።

ግብረ ራዕዲ ህወሓት ኢትዮጵያ ንምፍራስ እናገበሮ ዝርከብ ኲናት ንምምካት ኣብ ጎኒ ሰራዊት ምክልኻል ደው ንምባል ከምዝተዳለዉን ቅድሚ ሕዚ 'ውን ዝተፈላለዩ ሓገዛት እናገበሩ ከምዝፀንሑን ተዛሪቦም።

እቲ ጁንታ ምስ ታሪኻዊ ፀላእቲ ኢትዮጵያ ብምትሕብባር እናገበሮ ዝርከብ ሸርሒ ከምዘሕዘኖም ኣብቲ ሰላማዊ ሰልፊ ዝተሳተፉ ነበርቲ እታ ከተማ ገሊፆም።ኢትዮጵያ ንምድሓን ኩሉ ሰብ ብዝኸኣሎ ክዘምት ከምዝግባእ እውን ተዛሪቦም።

## <<ንኢትዮጵያ ክነምበርክኽ...

'ውን ናፃ ሃገር ኢና፣ፅባሕ 'ውን ናፃ ሃገር ኾይንና ክንቕፅል ኢና»ኢሎም።ዝተረከብናያ ሃገር መስዋእትነት ብምኽፋል ናፃ ገይርና ንቐፃሊ ወለዶ ክነረክብ ኢና ኢሎም።

«ኢትዮጵያ ብዓቕማ ልክዕ 'ያ ተፈቲና»ዝበሉ እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር፤ ፕሮፖጋንዳ ብምንዛሕ ብወረ ከብዱዩና እንተፈተኑ 'ውን ኣይተሳኸዐሎምን»ኢሎም።ዝተረከብናያ ሃገር መስዋእትነት ብምኽፋል ንቐፃሊ ወለዶ ክነረክብ ኢና፤ህይወትና ገቢርና ኢትዮጵያ ክነፅንሓ ኢና ክብሉ ተዛሪቦም።

ኹሉ ኢትዮጵያዊ ብገንዘቡ ኢትዮጵያ ንኽድግፍ ብፍልጠቱ ሃገሩ ንኽገልግል ፃውዒት ኣቕሪቦም።

"ኢትዮጵያ ሕዚ 'ውን ፀላእታ ስዒራ ጎብለልን ተምሳሌትን ኣፍሪካ ክትከውን 'ያ" ዝበሉ ዶክተር ኣብይ፣ኢትዮጵያ ንምፍራስ ዝተበገሱ ሰባት ሂወቶም ገቢሮም ንኢትዮጵያ ዘፍርሱ እንተኾይኖም ህይወትና ገቢርና ንኢትዮጵያ ክነድሕና ኢና ኢሎም።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ኢትዮጵያ ዝተለዓሉ በዚ ኣቲኹም በዚ ውፅኡ ዝብሉ ሓይሊታት ብዝተሓባበረ ቅልፅም ኢትዮጵያውያን ከምዝሰዓሩ ኣብሪሆም። ኢትዮጵያ ንምፍራስ ዝተሓባበረ ሓይሊ፣ ኢትዮጵያ ንምውሓጥ ዝተለዓለ ገበል ብርሕቐት ዘይኮነስ ብቐረባ ተዋጊእኻ ከምዝፈርስ፤ ብኣንፃሩ ኣትዮጵያ ለምሊማን ባንዲራኣ ልዕል ኢሉ ዝረአየሉ እዋን ከምዝመፅእ ኣፍሊጦም።

"ኣዚዩ ዝተሓዋሰ ፈተና የሃልወና 'ምበር እቲ ማዕበል ዘኽፍሎ ዋጋ ከፊልና ኢትዮጵያ ናብ ዝግበኣ ሰላምን ምዕባለን ክነሰጋግራ ኢና" ክብሉ ገሊፆም።

ኣብቲ መድረኽ መተኣኻኸቢ ደገፍ ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ፣ከንቲባ ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኣዳነች ኣቤቤ፣መተሓባበሪ ስራሕቲ ህንፀት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ሌተናል ጀነራል ባጫ ደበሌ፣ ሚኒስትር ምክልኻል ፌዴሪኢ ዶክተር ኣብርሃም በላይ፣ ኣቦታት ሃይማኖትን ሰብሃብትን ተሳቲፎም'ዮም።

ኣብቲ መድረኽ ደገፍ ምትእኽኻብ ሓደ ቢሊዮን 540 ሚሊዮን732 ሽሕ ብር ዝተኣከበ እንትኾን ካብዚ እቲ ሓደ ቢሊዮን 23 ሚሊዮን 581 ሽሕ ብር ካብ ማሕበር ባንክታት ኢትዮጵያ ዝተረኸበ'ዩ።እቲ ዝተረፈ ድማ ኣብታ ከተማ ካብ ዝርከቡ ሰብሃፍቲ፣ዝተፈላለዩ መንግስታውን ዘይመንግስታዊ ትካላት ከምኡውን ውልወ ሰባት ከምትኣከበ ካብ ፕረስ ሴክሬተሪያት ምምሕዳር ኣዲስ ኣበባ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የመልክት።

እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ብዝተፈላለየ መዓልቲ ኣብ ማሕበራዊ ድረ ገፆም ኣብ ዘሕለፍዎ መልእኽቲ ድማ፣ብዴሞክራሲያዊ መገዲ ዝተመረፀ መንግስቲ ኢትዮጵያ ግዚያዊ ማሕለኻታት ንምፍታሕን ዝተጀመረ ጉዕዞ ለውጢ ምስ ፈተውቲ ኢትዮጵያ ሃናዊ ብዝኾነ መልክዑ ንምስራሕ ከምዝተዳለወ ኣፍሊጦም። "ማሕለኻታት የጋጥሙ 'ምበር ምስ ፈተውትና ንምዕባለ ቆራፃት ኢና" ኢሎም።

ብሓድነት ደው እንተኢልና ዝኾነ ይኹን ክንስዕር ንኽል ኢና ዝበሉ እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር፣ "ብሓድነት ደው እንተኢልና ዝኾነ ይኹን ክንስዕር ነውኽል ኢና" ፤ ንሕና ጠጠው ኢልና ንርከብ ኣቦሓጎታት ብዝኸፈሉዎ ዓቢዩ መስዋእትነት ከምዝኾነ ገሊፆም።"ንሕና 'ውን ንዝመፅእ ወለዶ ኣብ ጥንኩር መሰረት ንምንባር ብቖራፅነት ደው ኢልና ኣለና ክብሉ ገሊፆም።

"ንህወኽሉ ወቕቲ እንተይተሃወኽና ምሕላፍ ምልክት ብሄራዊ ፅንዓት ኢዩ" ዝበሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ ፣ብብዙሕ ኣንፈታት እናተፈተንና ንርከብ ፣እቲ ፈተና ንሓልፈሉ ጥንካረ ቀዳማይ ጉዕዞ ጋህዲ ንምግባር ዘሎ ሓበራዊ ድሌት ዝፍልፍል ከምዝኾነ ኣብሪሆም።

ንደሓር ዝጎተና ይብዛሕ 'ምበር ብብርቱዕ ቅልፅም፣ ብፅኑዕ ልቦና፣ ንዓወት ብዝግስግስ መንፈስ ሰዓራይነት ኢትዮጵያ ክነብስር ኢና ኢሎም።

ኣብዚ ፈታኒ እዋን ውላዳት ኢትዮጵያ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ከምዝተለዓሉ ዝገለፁ እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር፣ ናይ መወዳእታ ከቢድ ሕማም ሕርሲ ህፃን ዝውለደሉ ሰዓት 'ዩ፤ እዚ ፈታኒ እዋን 'ውን ጀጋኑ ዝውለዱሉ 'ዩ።"ኢሎም።

"ውላዳት ኢትዮጵያ ካብ ጫፍ ክሳብ ጫፍ ተላዒሎም ኣለዉ። ፈተናታት ኣጠንኪሮምና 'ዮም።እቶም ፈተናታት 'ውን ክልኦት መገዲታት ኣርኢዮምና ኢዮም" ክብሉ ገሊፆም።ገፆም ካብ ዝኸልኡና ፈተውትና ዕፅፊ ናይ ቁርፂ እዋን ፈተውቲ ረኺብና ኢና 'ውን ክብሉ ሓቢሮም።

ምትእኽኻብ ኣቑፅልቲ ዳዕሮ ኣይገብርን ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፣ ምትእኽኻብ ዳዕሮታት ግን ንዱር ዘይድፈር እናገበሮ ከምዝርከብ ኣገንዚቦም።"ዝኽፈል መስዋእትነት ኣሎ፤ እቲ መስዋእትነት ድማ ንኢትዮጵያ ኣብ ጥንኩር ከውሒ ክተኽላ ኢዩ" ክብሉ ገሊፆም።

## <<እቲ ሰልፊ ኢትዮጵያውያን ንዝኾነ...

ዝተኻየዱ ሰልፍታት ኢትጵያውያን ንዝኾነ ዓለም ለኸ ፅዕንቶ ከምዘይንርከኹ ዘርኣይሉ 'ዩ። ኣብ ሰሙን ዝተኻየደ ሰልፊ ግብረ ራዕዳዊ ህወሓትን ሸኔን ጥፍኣት ተግባር ከምኡ 'ውን ናይ ወፃኢ ሚድያ ዝተዛበዐ ፀብፃብ ዘውገዙ ከምዝኾኑ ኣልዒሎም 'ዮም።

ወራሪ ጉጅለ ህወሓት ካብ ስሩዕ ኹናት ወፃኢ ውግእ ብምዝናፍ ብፍላይ ኣምሓራን ዓፋርን ክልላት ብርከት ዝበለ ቦታታት ወረራ ብምፍፃም ልዕል ቁፅሪ ዘለዎ ህይወት ሰብ ብምቅጣፍ ናይ መንግስትን ውልቀ ሰባትን ንብረት ብምዝራፍን ምዕናውን ከምዝርከብ እቶም ሚኒስትር ተዛሪቦም ፣እዚ ዘሕፍር ትግባር ምምካት ዝካኣል ብዝተወደበ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ከምዝኾነ ፌደራልን ክልል መንግስትን ብዘቕረብዎ ፃውዒት ክተት መሰረት ብምግባር ካብ ህዝቢ ብዙሓት ኣወንታዊ መልስታት ተዋሂቦም 'ዮም ኢሎም።

ኣብዚ ሰሙን ኣብ ሃገርና ካብ ጫፍ ክሳብ ጫፍ ራዕዳዊ ጉጅለ ወፃኢ ሚድያ ኢድ ኣታውነትን ዘውግዝ ሰላማዊ ሰልፊ ብፃውዒት ዝተረኸበ ከምኡ 'ውን ህዝቢ ነዚ ህልውና ምኽባር መልሲ ዝሃቦ ዘመልት ም'ኑ ተዛሪቦም 'ዮም። ብኣዲስ ኣበባን ኣብ ዝተፈላለዩ ክልላትን ኣብ ዝተገበሩ ሰልፍታት ኢትጵያውያን ሃገሮም ካብ ዝኾነ ዓይነት ጥፍኣትን ፀገምን ንምሕላው ተወዲቦም ብምምካት ፣መከላከያ ሰራዊት ንምድጋፍ ዘለዎ ልዑል ስሜት ከምኡ 'ውን ናብ ግምባር ብምዝማት ሃገር ካብ ሓይልታት ጥፍኣት ንምክልኻል ዘለዎ ቁርፀኝነት ዘርኢ 'ዩ።

ብጉጅለ ዝመፅእ ጥፍኣት ጉጅለ ብህዝባዊ ማዕበል ብምቅልባስ ኢትዮጵያ ንሉኣለውነታን ንህዝባን ነፃነት ከምኡ 'ውን ኹሉ ዜጋ ብናፅነት ዝነብረላ ሃገር ንምፍጣር ዝገብር ወፍሪ ናይ እጃሞም ንምውፃእ ዝገብሮ ምቅስቃስ ዘመልክት ሓገዝ ሰልፊ ከምዝኾነ ገሊፆም 'ዮም። ራዕዳውያን ሓይልታት ንምውጋዝ ከምኡ 'ውን ብዝተፈላለዩ መልክዕ ዝግበር ናይ ወፃኢ ፅዕንቶ ካብ ምውጋዝ ብተወሳኺ ወሳኒ ጉዳይ ናይ ውሽጢ ሓድነትን ምትሕብባር ምኳኑ ዘመልክት ከምዝኾነ እቶም ሚኒስትር ተዛሪቦም 'ዮም።

ብኺሊእ ወገን ኢትዮጵያ ንዝኾነ ዓለም ለኸ ፅዕንቶ ከምዘይትንብርከኽ ፣ኢትዮጵያውያን ካብ ካልእ ግዜ ንላዕሊ ኣብ ሃገሮም ዝመፀ ሓደጋ ንምቅልባስ ነዚ 'ውን ኢትጵያውያን ባዕሎም ኣሕሊፎም ንምሃብ ድልው ከምዝኾኑ ዘረጋገፀ መድረኽ ከምዝኾነ ኣመልኪቶም 'ዮም።

ዓለም ለኸ ሚድያ ብፍላይ ድማ ሲኤንኤን ፣ቢቢሲ፣ሮይተርስ ዝኣመሰሉ ትካላት ሚድያ ብዋንኛ ናይቲ ራዕዳዊ ጉጅለ ኣስፈፀምቲ መሳርሕቲ ኾይኖም ብግልፂ ዘገልግሉ ምኳኖም እዚ ኣድላዊ ዝኾነ ኣከያይዳን ናይ ሚድያ ምንቅስቃስ ግቡእ ዘይኮነ ምኳኑ ብተቃውሞኦም ምግላፅ ክኢሎም 'ዮም።

ከም ዶክተር ለገሰ ቱሉ ገለፃ፣ መንግስቲ እዚ ድጋፍ ንምቕፃል ኢትዮጵያውያን ዝኾነ ድጋፍ ብዝተወደበ መልክዑ ንከሪኡ ኣጠንኪሩ ዝሰርሕን ድልየት ህዝቡ ተግባራዊ ክገብር 'ዩ።

## ራዕዳዊ ህወሓት ክጠፍእ...

ዝበሉ ኣይተ ሙሉብርሃን፣ ኣብ ዝሕዚ እዋን ኩሉ ከም ዝፈልጦ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ፍፁም ዝተፈላለዩ ብምኳኖም ክልቲኦም ማይን ዘይትን ንኽኾኑ ግቡእ ስራሕ ምስራሕ ከምዘድሊ ተዛሪቦም።

ህዝቢ ትግራይ በቢ ዓሰርተ ዓመት ደቑ ካብ ምግባር

ሓሊፉ ካብ ህወሓት ዝተጠቐሞ ነገር የለን፤ ህዝቢ ሰልችይዎ ከምዝኾነ ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር እናሃለና ብተግባር ዘረጋገፅናዮ ሓቒ 'ዩ ዝበሉ ኣይተ ሙሉብርሃን፣ይኹን 'ምበር ህዝቢ ትግራይ ኣንፃር ራዕዳዊ ህወሓት ንምቕላስ ግዜን ዕድልን ኣይረኸበን፤ ብሓይሊ ተጨቒኑ 'ዩ ዘሎ ክብሉ ገሊፆም።

ብሓፂሩ ራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት፣ ህዝቢ ትግራይ ርእሱ ከድንን ዝገበረ 'ምበር ንጥቕምን ናፃነትን ህዝቢ ትግራይ ዝቖመ ከም ዘይኮነ ባዕሉ ህዝቢ ይፈልጥ 'ዩ ክብሉ ወሲኾም ተዛሪቦም።

ኣይተ ሙሉብርሃን ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ከተማ ሽረ እንዳስላሴ ምክትል ዋና ኣማሓዳሪ ኮይኖም ምስርሖም ዝዝከር 'ዩ።

## ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ራዕዳዊ ህወሓት ብኩናት፣ ብምርዓድን ዘረፋን ክነብር ዝደሊ ሓይሊ‘ዩ››

-ኣይተ ሙሉብርሃን ሃይለ

መኣርግ ገ/ሄር



24 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ንኹሉ ኢትዮጵያዊ ዘደንገፀ ክሕደት ዝተረኣየሉ ፍፃመ‘ዩ ተፈፂሙ። እዚ ፍፃመ እዚ ናይ ብዙሓት ስነ ልቦና ዝተንከፈ ‘ዩ ነይሩ። ጁንታ ህወሓት ዝፈፀሞ እከይ ተግባር ታሪኽ ዝርሰዖ ኣይኮነን። ንሓቂ ጠጠው ዝበሉ ምክልኻል ሰራዊት ሃገር ካብ ናይ ውልቆ ጥቅሞም ናይ ሃገር ጥቅሚ ዘቕደሙ፤ በዚ ልክዕ ታሪኽን ህዝብን እናዘከሮም፣ ሃገር ብዝሰርሑሳ ስራሕ እናመስገነቶም ከትነብር ‘ያ። ብፍላይ ዕቡያት፣ እከያትን ናይ ታሪኽ ስንክሳርን ዝኾኑ ሃገሮም ብምኽዳዕ ባንዳ ኮይኖም ‘ዮም። ሃገሮም ወጊኦም ‘ዮም። 24 ጥቅምቲ ንሃገር ዝቖሙ ጀጋኑ ብድሓር ብሃንደበት ዝተወግኡሳ ዕለት ብምኳና ብሕማቕ ታሪኽ እናተዘከረት ከትንብር እያ።

ብኻሊእ ወገን እቲ ፍፃመ ንዘመናት ተሓፊራን ተኸቢራን ዝነበረት ሃገር ኣብ ውሽጣ ዝነብሩ ብሄር ብሄረ ሰባት ዘዋረደ ምኻኑ ‘ዩ። ብሄር ብሄረሰባት ኢትዮጵያ ነታ ሕማቕ ዕለት እናዘከርዋ ክነብሩ ‘ዮም። ከምኡ ”ውን ንናይ ህልውና ወፍሪ ከመይ ክዋፅኡ ከም ዘለዎም ካብ ምሕሳብ ጀሚሮም ብዙሕ ነገር ክገብሩ ‘ዮም።

ብፍላይ ኣብዝ ሕዚ ሰዓት ጁንታ ህወሓት ካብ ስዕረቱ ዝተላዕለ ዝነዝሖ ዘሎ ናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳ ናብ ጎኒ ብምግዳፍ ህዝቢ ከም ህዝቢ ተሓባቢሩን ተፋቒሩን ከምኡ ”ውን ሓድነቱ ብምስጣም ኣብ ጎኒ ምክልኻል ሰራዊት ብምኻን ኩሉ ናብ ግንባር ብምኻድ ሃገሩ ካብ ኢድ ባንዳ ጉጅለ ህወሓት ከውፃኣ ኣለዎ።

ዓሚ ዝተወለዐት ሓዊ ክሳብ ሕዚ ኣይዝሕልን ካብ ምባላ ንላዕሊ ሂወት ንፁሃን ዜጋታት እናበልዐት፣ ብዙሓት ንስደት ክሳጥሑ ገይራ ‘ያ። እምበኣርከስ ክቡራት መንበብቲ ጋዜጣ ወጋሕታ፣ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ሓላፊ ርክብ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ዲሞክራቲክ ፓርቲ ( ትዴፓ) ኣይተ ሙሉ ብርሃን ሃይለ ዝገበሮ ፃኒሕት ንምንባቡ ከም ዝስዕብ ኣዳሊናልኩም ኣለና። ሰናይ ንባብ።

**ሕቶ፡- ራዕዳዊ ህወሓት ኣብ ምክልኻል ሃገር እዚ ሰሚን ዘብፀሖ ጥቕዓት ሓደ ዓመት ኮይኑ ኣሉ፤ ንምኻኑ እቲ ጉጅለ ብመጀመርያ ነዚ ቅድሚ ምፍፃሙ ይገብሮም ዝነበረ ምድሳዋት እንታይ ይመስሉ ነይሮም? እስቲ የዛኻኽሩና፤**

**ኣይተ ሙሉብርሃን፡-** ህወሓት ካብ ማእኸላይ መንግስትነቱ ምስ ተላዕለ ብርክት ዝበሉ ተንኮላት ይሰርሕ ነይሩ ’ዩ። ትግራይ ዲሞክራቲክ ፓርቲ ነዚ እከይ ተግባሩ እግሪ ብእግሪ እናተኸታታለ ናይ ምግላፅ ስራሕቲ ሰሪሑ ’ዩ። እቲ ጉጅለ ዝኸዶ ዝነበረ ክያዶ ብጣዕሚ ሓደገኛ ስለ ዝነበረ ተንኮል ዘኸሽፍ ስራሕ ክስራሕ ከም ፓርቲ ትዴፓ፣ ንመንግስትን ህዝብን ነተሓሳስብ ነይርና ኢና። ኮይኑ ግና ንሕና ዝተዛረብናዮም ቕልጡፍ መልሲ ኣይረኸቡን። በዚ መሰረት 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ኣብ ምክልኻል ሰራዊት ሃገር ልዑል ጥቕዓት በፂሑ ’ዩ።

ምክልኻል ሰራዊት ማለት ናይ ኢትዮጵያ ሉኣላውነት ሓፁር ማለት ’ዩ። ሰራዊት ምንካእ ማለት ሃገር ምፍራስ ማለት ከምዝኾነ ህወሓት ‘ውን ይፈልጥ ’ዩ። በዚ መንገዲ እዚ ምኻድ ስለ ዝደለየ ’ዩ ነዚ ተግባር እዚ ፈፂምዎ።

እዚ ጉጅለ እዚ ሃገር ይመርሐሉ ኣብ ዝነበረ እዋን ብምዕፋን ከፋፊሉ ዝገዝእ ዝነበረ ሓይሊ ’ዩ ነይሩ። ብሓድነት ኢትዮጵያ ዘይኣምን ’ዩ ነይሩ። በዚ ምኽንያት እዚ ንሓድነትና ሓደጋ ኮይኑ ዝፀንሐ ’ዩ። ቕድሚ ዓመት ጀሚሩ ነዚ እኩይ ዕላምኡ ግልፂ ብምግባር ኣብ ህዝቢ ናይ መወዳእታ ጭካንኡ ብምዕራፍ ብዙሓት ክፅገሙን ክጭነቑን ከምኡ ‘ውን ሂወቶም ክስእኑን ክመዛበሉን ገይሩ ’ዩ።

**ሕቶ፡- እቲ ጉጅለ ብፍላይ ጥቕዓት ኣብ ዝፈፀመሉ እዋን ዝተጠቀመሉ ስትራተጂ ብናይ ውሽጢ ኣባለቱ ገይሩ ምውጋእ ‘ዩ ነይሩ። ብፍላይ ንሓደ ዕላማ ዝተሰለፉ ኣባላት ምክልኻል ሰራዊት ኣብ ናይ ባዕሎም ሓው ዝኾነ ሰራዊት ዝፈፀምዎ ጥቕዓት ክንደይ ዝኣክል ተንኮለኛ ከም ዝኾነ ዘርኢ ‘ዩ ዝብሉ ኣለዉ። ንምኻኑ ከምዚ ዝበለ ፍፃመ እንታይ የመሳኽት ይብሉ?**

**ኣይተ ሙሉብርሃን፡-** ሓቒ ’ዩ ኣብ ርእሲ ምክልኻል ሰራዊት ሃገር ዝተፈፀመ ክሕደት ብጣዕሚ ዘሕዝንን ካብ ሕሊና ዘይኽወልን ሕማቕ ታሪኽ ’ዩ። ውዕለት ምክልኻል ሰራዊት በዚ መልክዕ ኣይኮነን ክፍደ ነይርዎ። እዚ ሰራዊት እዚ ን20 ዓመታት ዝኣክል ዶብ ብፍላይ ድማ ንህዝቢ ትግራይ ዝሓሉ ዝነበረ ’ዩ። ካብ ደሞዙ ብምውፃእ ቤት ትምህርቲ ዝሰርሐ፣ ፅጉማት ዝሕግዝ ዝነበረ ሰራዊት ’ዩ ነይሩ። ኮይኑ ግና ኣብ ውሽጢ ብዘለዉ ኣባላት ወታደር ብምትሕብባር ሓቢሮም እናዋዓሉ ተመሳሲሎም ነዚ እከይ ዕላማ እዚ ክፍፅምዎ ክኢሎም ’ዮም።

ብፍላይ እዚ ኩነታት እዚ ብስነ ልቦናን ባህልን ትግራዋይ ብጣዕሚ ፀያፍ ’ዩ። ርእሰኻ ዘድንን ’ዩ። ነዚ ኣፀያፊ ተግባር ዝፈፀሙሉ ዋና ምኽንያት ድማ ናብ ስልጣን ብምምላስ ዝጀመርዎ ሃገር ናይ ምፍራስ ስትራተጂ ንምውዳእ ’ዩ።

ብግልፂ ንሕና ዘይንመርሓ ሃገር ከትፈርስ ኣለዋ ኢሎም ’ዮም። ነዚ ንምግባር ድማ ዝኽእልዎ ኩሉ ገይሮም ’ዮም። ኮይኑ ግና ኣይተሳኸዐሎምን። ፅባሕ ‘ውን ዝሳኸዐሎም ኣይኮነን። ምኽንያቱ ህወሓት ማለት ብህዝቢ ኢትዮጵያ ተፈቲኑ ዝወደቐ ’ዩ። ኣብ ስልጣን ኣብ ዝነበረሉ እዋን ህዝቢ ከሳቕይ ፀኒሑ ’ዩ። ስለዚ ነዚ ሓይሊ እዚ ምቕላስ ’ዩ ዘድሊ።

**ሕቶ፡- ጁንታ ህወሓት ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ጥቕዓት ምስፈፀመ ምክልኻል ሰራዊት ሃገር ተመሊሱ ኣብ ክልተ ሰሙን በታቲንዎ ነይሩ ‘ዩ። ኮይኑ ግና ካልኣይ ክጣናኻር ክኢሉ ‘ዩ። ከምዚ ክኾን ዝኽኣለሉ ምኽንያት ድማ ዝተሰርሑ ተንኮላት ነይሮም ‘ዮም ዝብሉ ኣካላት ኣለዉ ‘ዮም። ብፍላይ ድማ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣብዚ ናይ ባዕሉ ግደ ነይርዎ ‘ዩ ዝብሉ ኣካላት ኣለዉ ‘ዮም። ኣብዚ ጉዳይ እዚ ንሶም እንታይ ይብሉ?**

**ኣይተ ሙሉብርሃን፡-** እዚ ብተደጋጋሚ ብተፈላለዩ መራኸብቲ ሓፋሻት ዝገለፅናዮ ጉዳይ ’ዩ። ኮይኑ ግና ዋላ ንሕና ንዛረብ ሰማዒ ኣይነበረን። መንግስቲ ብዝወሰዶ ወፍሪ ምኽባር ሕጊ ኣብ ዝሓፀረ እዋን ተወዲኡ ነይሩ ’ዩ። ኮይኑ ግና ድሕሪ ምውድኡ ከም እንደጋና ብምውዳብ ተጣናኺሩ ’ዩ። ከምዚ ክኸውን ዝኸኣለሉ ምኽንያት ድማ ኣብቲ እዋን ብዙሓት ተንኮላት ተሰሪሖም ’ዮም። ኣብነት ብፍላይ ካብ ግዝያዊ ምምሕዳር ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ መሓውር መንግስቲ ፌዴራል ዘለዉ ንኸብዶም ዝሓድሩ ኣመራርሓ ግደ ነይርዎም ’ዩ። እዚ ድማ ብግልፂ ዝፍለጥ ነገር ’ዩ። ሕዚ ኣብ ፌዴራል መዋቕር ውሽጢ ዘለዉ 27 ዓመት ሙሉእ ምስ ኢህወዴግ ዝሰርሑ ዝነበሩ ከምኡ ‘ውን ንህዝቢ ይዘርፉን ይብድሉን ዝነበሩ ’ዮም። እዞም ሰባት እዚኦም ድማ ብኽልተ ካራ እናበልዑ ተንኮል እናፈሓሱ ህወሓት ሓመድ ልሒሱ ክትስእ ብምግባር ኣብዚ ደረጃ እዚ ክበፅሕ ገይሮሞ እዮም።

ሕዚ ‘ውን እቲ ለውጢ ንኽቕፅል እንተኾይኑ መንግስቲ እዞም ተንኮለኛታት ናይ ህወሓት ዕሱባት ዝኾኑ ኣመራርሓታት መዚዙ ብምውፃእ ስጉምቲ ክወስድ ኣለዎ። ምኽንያቱ እትዘዓበየ ናይ ለውጢ መራሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ ’ዩ። እዚ ህዝቢ ድማ ድሕሪ ሕዚ ጭቕና ዝቕበል ኣይኮነን። ሓድነትን ማዕርነትን ዝደሊ ’ዩ። ፍትሓዊ ዝኾነ ክፍፍል ሃፍቲ ይምነ ’ዩ። ብምኻኑ ናይዚ ለውጢ እዚ በዓል ዋና ዝኾነ ህዝቢ ድሌቱ ንምኽባር መንግስቲ ቖርፀኛ ቅዋም ክሕዝ ኣለዎ። ኩልና ተቓሊስና ለውጢ ኣምፂእና ኢና፤ ድሕሪ ሕዚ ብናይ ጅንታ ናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳ ብዘይ ምንብርካኽ ነዚ ለውጢ ምቕፃል ካብ መንግስቲ ቐፂሉ ናይ ኩሉ ሕብረተሰብ ሓላፍነት ’ዩ።

**ሕቶ፡- ራዕዳዊ ህወሓት ካብ ማይ ካድራ ጀሚሩ ብርክት ዝበሉ ዘስካሕክሑ ገፍዕታት ምብፅሑ ይፍለጥ ‘ዩ። ብኻሊእ ወገን ድማ ንህዝቢ ትግራይ ናፃ ዘውፅእ ፓርቲ እየ ‘ዩ ዝብል። ንምኻኑ እዚ ጉጅለ እዚ በዚ መልክዕ እዚ ኣብ ሰላማውያን ዜጋታት ዘብፅሖ ገፍዕታት ካብ ምንታይ ዝነቅለ ‘ዩ?**

**ኣይተ ሙሉብርሃን፡–** እዚ ብጣዕሚ ዘሕፍር ’ዩ፤ ህወሓት ከጥቕዕ እንትደሊ ዘርኢ፣ ሃይማኖትን ብሄርን ኣይመርፅን ’ዩ፤ ከቕፅሎ ዝደሊ ዕላማን መደብን ኣለዎ ’ዩ። ነዚ ንምግባር

# ዕዱም ጋሻ



ድማ ብተፃራሪ ደው ዝበለ ዝኾነ ዓይነት ሓይሊ 'ዩ ዘጥቕዕ። ንቐፃሊ 'ውን ብሂወት ክሳብ ዘሎ ግዜ፣ ግፍዕታት ምፍፃሙ ደው ዘብል ኣይኮነን። ምኽንያቱ ባህሪኡ ዲሞክራስያዊ ኣይኮነን። ዓፋኒ 'ዩ፤ ኣሰላለፍኡ ፀላኢን ፈታውን ዝብል 'ዩ። ፈታዊ ዝብሎ ምስ እኩይ ተግባሩ ዝተሰለፈ ዝኾነ ኣካል ' ዩ። ፀላኢ ዝብሎ ድማ ይኣስሮ፣ ይጭፍጭፎ፣ የጋፈዖ፣ ኣነ ንህዝቢ ትግራይ ናፃ ዘውፅእ 'የ ዝብል ሓሳብ ግና ባህሪኡ ካብ ምዃኑ ሓሊፉ ካሊእ ትርጉም የብሉን። ንፕሮፖጋንዳ ሽፋን 'ዩ ዝጥቐመሉ።

**ሕቶ፡- በዚ ዝኸዶ ዘሎ ዓይነት ፕሮፖጋንዳን ዝፍፅሞ ዘሎ ግፍዕታትን ከምኡ "ውን ብኩናት ናብ ስልጣን ክምለስ ዶ ይኽእል?**

**ኣይተ ሙሉብርሃን፡-** ኣይኽእልን፤ ህወሓት ድሕሪ ሕዚ ኣይሸንኳይዶ ሃገር ጣብያ ክመርሕ ኣይኽእል። ተፈቲኑ ዝወደቐ ሓይሊ 'ዩ። ምህዋኽ፣ ምዝራፍ፣ ምሽባር ጥራሕ 'ዩ ክገብር ዝኽእል። ብምዃኑ ራዕዳዊ ህወሓት ብኩናት፣ ብምርዓድን ዘረፋን ክነብር ዝደሊ ሓይሊ'ዩ።

ብኻሊእ ወገን ድማ እዚ ጉጅለ እዚ ኣብ ተፈላለዩ ቦታታት ንዕዑ ምስ ዝመስሉ ብምሕባር ሓዊ ብምፅሓር ሃገር ናብ ዝጀመረቶ ናይ ብልፅግና ጉዕዞ ከይትኸይድ ዕቤታ ከዛናግዕ ይኽእል ይኸውን 'ምበር ካልኣይ ተመሊሱ ሃገር ይመርሕ ማለት ከቢድ 'ዩ። ኮይኑ ግና መንግስቲ ኣካይድኡ ብደንቢ ብምፍታሽ ኣብ ልዑል ሓላፍነት ዘለዉ ኣተሓሳስባ ህወሓት ዝተሸከሙ ጥንቓቐ ክገብር ኣለዎ። ኣብዚኦም ዘየናሕሲ ሕጋዊ ስጉምቲ ምውሳድ የድሊ 'ዩ። ህወሓት ክመፅእ 'ዩ ኢሎም ዝሓስቡ እንተልዮም ሕልሚ 'ዩ።

**ሕቶ፡- እዚ ጉጅለ እዚ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ዝፈፀሞም ግፍዕታት ከይኣኽሉ ኣብ እንስሳትን ኣዝርእትን ከምኡ "ውን ኣብ መሰረተ ልምዓት ጉድኣት ከብፅሕ ይረኣ 'ዩ፤ ንምንታይ ከምዚ ዝገብር ዘሎ ካብ ምንታይ ዝንቀል 'ዩ?**

**ኣይተ ሙሉብርሃን፡-** እዚ ጉጅለ እዚ ኣብ ናይ ስልጣን ዘመኑ ልምዓታዊ መንግስቲ 'የ ይበል 'ምበር ንባዕሉ ጥራሕ ዘልምዕ መንግስቲ 'ዩ ነይሩ። እዚ ጉጅለ እዚ ብምኽንያት ለውጢ ተደፊኡ ናብ መቐለ ምስ ከደ ብግልፂ ዝተዛረቦ ነገር ኣሎ 'ዩ። ንሕና ዘይንመርሓ ሃገር እንተኾይና ከትፈርስ ኣለዋ ኢሉ ነይሩ 'ዩ። እዚ ጉጅለ እዚ ከም ዝበሎ በዚ መልክዕ እዚ ብዙሕ ዝተለፍዖ እኽሊ ምቕፃል፣ መሰረተ ልምዓት ምዕናው ኢኮኖሚ ብምንጋዕ ህዝቢ ናብ ፀገም ክወድቕ ብምግባር ይቕፅለሉ ኣሎ 'ዩ። ብፍላይ ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ብርክት ዝበለ ተኸታሊ ዘለዎ ሽፍታ 'ዩ ኮይኑ ዘሎ። ክሳብ ሕዚ ከም ዝረኣናዮ ሓላፍነት ዘይስመዖ ዝቕትልን ዝዘርፍን 'ዩ። ህወሓት ከምዚኦም ዝበሉ ባህርያት ዘለዎ ብምዃኑ እሞ ድማ እዚ ሓይሊ እዚ ክሳብ ዘሎ ግዜ ኣፀጋሚ ስለ ዝኾነ ኩሉ ኢትዮጵያዊ ነዚ ጉዳይ እዚ ቐላሕታ ክህቦ ኣለዎ።

**ሕቶ፡-እዚ ጉጅለ እዚ ብፍላይ ንህዝቢ ኣምሓራ ከም ፀላኢ ገይሩ ብምውሳድ ዝገብሮ ዘሎ ናይ ጥፍኣት ተግባር ንሶም ከመይ ይሪእዎ?**

**ኣይተ ሙሉብርሃን፡-** ህወሓት መጀመርታ ከፋፊሊ 'ዩ፤ ብቛንቋ ይኸፋፍል፣ ብፍላይ ንህዝቢ ኣምሓራን ትግራይን ብፅልኢ ክረኣኣዩ ሰሪሑ 'ዩ። ኮይኑ ግና እዚ ህዝቢ እዚ ብታሪኽ ሓደ ዓይነት ህዝቢ 'ዩ። ተፃሊኡ ዘይፈልጥ ንብዙሕ ዘመናት ሓቢሩ ብፍቕሪ ዝነበረ ህዝቢ 'ዩ። ብኸምዚ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ንምፅላእ 'ዩ ህወሓት ላዕልን ታሕትን ዝብል ዘሎ። ኮይኑ ግና ክልቲኦም ህዝቢታት ታሪኾም ብምርኣይ ፀላኢ ህወሓት ከም ዝኾነ ፈለጦም ብሓባር ክቃለስዎ ኣለዎም። ብናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳ ክታለሉ የብሎምን። ህዝቢ ክርደኦ ዝግባእ ነገር እንተሃለወ ህወሓት ንባእሉ ብሂወት ንምፅናሕ ዝኽእል በዚ መንገዲ ጥራሕ ምዃኑ 'ዩ። ህወሓት ልዕሊ ህዝቢ ኣምሓራ ንህዝቢ ትግራይ እናበደለ ዘሎ ሓይሊ 'ዩ። ምኽንያቱ ህዝቢ ትግራይ ሕዚ ይኹን ቕድሚ ሕዚ ካብ ህወሓት ዝረኸቦ ነገር የለን። እኳዳኣስ ህዝቢ ክዋረድን ክጠፍእን እናገበረ 'ዩ ዘሎ። ህፃናት እንተይቐረዩ ትርጉም ንዘይብሉ ንናይ ባዕሉ ናይ ስልጣን ፅምኢ ንምርዋይ ኣብ ኩናት እናእተዎም 'ዩ ዘሎ። ብምዃኑ እዚ ጉጅለ እዚ ናይ ማንም ፈታዊ ከም ዘይኮነ ብምርዳእ እኩይ ተግባሩ ክንቕሐሉ ይግባእ። እዚ ጉጅለ እዚ ህዝባዊ 'የ ይበል እምበር ህዝባዊ ከምዘይኮነ ብተግባር እናተራእየ 'ዩ። ነዚ ምርዳእ ድማ በጣዕሚ ጠቓሚ 'ዩ።

**ሕቶ፡- ልዕል ኢሉም ከምዘልዐልዎ ህወሓት ንህዝቢ ትግራይ ኣብ ኩናት ዓዘቕቲ ክኣቱ ካብ ምግባር ንላዕሊ ሰብኣዊ ሓገዝ እኳ ብዝባእ ኣብ ግዚኡ ከይበፅሕ ዕንቅፋት ኮይኑ 'ዩ። ብፍላይ መንግስቲ ንህዝቢ ብዝሃቦ ናይ ፅሞና ግዜ ብምጥቃም እኩይ ተግባሩ ኣጣናኺሩ ቐፂሉሉ 'ዩ። ይኹን 'ምብር ህዝቢ ንህወሓት ኣብ ምቕላስ ብዙሕ ኣይኮነን ዝብሉ ኣካላት ኣለዉ። ንሶም ኣብዚ እንታይ ይብሉ?**

**ኣይተ ሙሉብርሃን፡-** ቐዳማይ ህዝቢ ትግራይ ንብርክት ዝበሉ ዓመታት ኣብ ዓፈና ዝፀንሐ ህዝቢ 'ዩ። ሕዚ ድማ እዚ ጉጅለ እዚ ብፍላይ ብዝፈፀሞ እኩይ ተግባር ብመንግስቲ ስጉምቲ ተወሲድዎ ብግዝያዊ ምምሕዳር ለውጢ ክርኢ 'ዩ ተባሂሉ ስለ ዝተሓሰበ ናይቲ ጉጅለ ሓሳብ ተሸኪሞም ብምእታው ፅገም ህዝቢ ክበኣኣስ፤ ካብዚ ሓሊፉ ህዝቢ ፅገም ክበፅሖ ገይሮም 'ዮም። ህዝቢ ከም ህዝቢ ከይቓለሶ ድማ ዝሓስበሉን ዘምልጠሉን ግዜን ዕድልን ኣይረኸበን 'ዩ። ብሓይሊ ተጨቒኑ 'ዩ ዘሎ።

ብኻሊእ ወገን ካብ ቐደም ጀሚሩ ብዝተሰርሐሉ ናይ ሃሶት ፕሮፖጋንዳ ህልውንኡ ኣብ ህወሓት ጥራሕ ዝተመስረተ ክመስሎ ተገይሩ 'ዩ። ብምዃኑ በዚ ተደናጊሩ ብርክት ዝበለ ህዝቢ ኣብ ጎኒ ራዕዳዊ ጉጅለ ክሰለፍ ክኢሉ 'ዩ።

ነዚ ንምቕያር መንግስቲ ይኹን ፖለቲካዊ ፓርቲታት ከምኡ 'ውን ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ዝነበርና ኣመራርሓታት ልዑል ዝኾነ ድኽመት ነይሩና 'ዩ ኢለ 'የ ዝኣምን። ብፍላይ ግዝያዊ ምምሕዳር፣ ህዝቢ ካብቲ ዓፋኒ ጉጅለ ናፃ ምስ ወፀ ካብቲ ዝነበሮ ዓፈና ዝሓሸ ስምዒት ክህልዎ ምግባር የድሊ ነይሩ። ኮይኑ ግና ኣብዚ ዝተሰርሐ ነገር የለን።

ኣብቲ እዋን ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ውሽጢ ከምኡ 'ውን ኣብ መዋቕር መንግስቲ ፌዴራል ዝኣተዉ ሰባት ካብ ዝተዋሃቦም ሓላፍነት ብተፃራሪ ደው ብምባል ህዝቢ ተስፋ ክቖርፅ ገይሮም 'ዮም። ከምዚ ብምዃኑ እቲ ለውጢ መሬት ከይነክእን ናብ ህዝቢ ከይበፅሕን ኮይኑ 'ዩ።

ህወሓት ክጠፍእ መንግስቲ ሓዊሱ ኩሉና ንደሊ ኢና። ኮይኑ ግና ብኸመይ 'ዩ? በቲ ዘለዎ ኣካይዳ መገዲ ድዩ ዝጠፍእ ዝብል ሓሳብ ድማ ካብ ኩልና ትፅቢት ዝግበር 'ዩ ዝመስለኒ። ንኣብነት ንሕና ከም ፓርቲ ህወሓት ክጥፍእ ዝኽእል ካብ ህዝቢ ትግራይ ክንፀል እንተኽእል 'ዩ ኢልና ኢና ንኣምን። ህዝቢ ትግራይን ህወሓትን ንምንፅፃል ፈታኒ ብምዃኑ ብዙሕ ግዜን መስዋእትን 'ዩ ዝጥይቕ። ብምዃኑ ነዚ ዝምጥን ናይ ፖለቲካ ስራሕ ምስራሕ ድማ ካብ መንግስቲ ትፅቢት ዝግበር ዓብዪ ሓላፍነት 'ዩ።

ብሓፈሻ ህወሓት ንህዝቢ ትግራይ ዘዋረደ ርእሱ ከድንን ዝገበረ 'ምበር ንጥቕምን ናፃነትን ህዝቢ ትግራይ ዝቖመ ከም ዘይኮነ ህዝቢ ይፈልጥ 'ዩ። ዓለም 'ውን ክግንዘቦ ይግባእ። ስለዚ ነዚ ዝምጥን ስራሕ ምስራሕ የድሊ 'ዩ። ኣብ ዝሕዚ እዋን ኩልና ክንፈልጦ ዝግባእ ነገር ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ፍፁም ዝተፈላለዩ 'ዮም። ንቐፃሊ ድማ ክልቲኦም ማይን ዘይትን ኮይኖም ክፍለዩ ምግባር 'ዩ።

**ሕቶ፡- ራዕዳዊ ህወሓት ካብ ህዝቢ ትግራይ ምንፃል ቀሊል ክኸውን ይኽእል 'ዩ ዶ ይብሉ?**

**ኣይተ ሙሉብርሃን፡-** ብጣዕሚ ቐሊል 'ዩ። ከምዚ ክብል እንተለኹ ንኣብነት ኣነ ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ውሽጢ ኣትየ ሰለስተ ኣዋርሕ ሰሪሐ ኣለኹ። ብርክት ዝበሉ መድረኻት ምስ ህዝቢ ኣሕሊፈ ኣለኹ። ኣብ 45 ዓመት ውሽጢ ህዝቢ ትግራይ ካብ ህወሓት እንታይ ረኺቡ ዝብል ክንዘራራብ እንተለና መልሱ ምንም 'ዩ። ከምዚ እንተኾይኑ ድማ ህዝቢ ሰልቺይዎ 'ዩ። በቢ ዓሰርተ ዓመት ህዝቢ ደቒ ክግብር ኣይደልን። ንሕና ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ኮይና እናመራሕና እናሃለና ዝተረዳእናዮ እዚ 'ዩ።

ህወሓት ንሙሉእ ህዝቢ ትግራይ ክጠቕም ይቕረ 17 ዓመት ሓቢሮም ዝተቓለሱ ተጋደልቲ ብዘይ ጡረታ ኣብ በረኻ በቲንዎም 'ዩ። ኮይኑ ግና እዚ ጉጅለ እዚ ብጣዕሚ ተንኮለኛ ብምዃኑ ንህዝቢ ኣዴኻ ብግፍዐኛታት ተቐቲላ፤ ኣቦኻ ተቐቲሉ ኣሕዋትካ ተበዲሎም እናበለ 'ዩ ዘለዓዕሎ። ንሕና ድማ ነቲ ብህወሓት ዝተበደለን ዝተፀገመን ህዝቢ ድሌቱ እንተማሊእናሉ ምስ ህወሓት ዝጣበቐሉ ኩነታት ኣይህሉን። ኣብዚ ግዜ እዚ ዝጠቕሞን ዝጎድኦን ብምፍላይ ካብ ህወሓት ክንፀል ይኽእል 'ዩ።

ብኻሊእ ወገን ትግራዋይ ንሃገሩ ብዙሕ መስዋእቲ ዝኸፈለ፤ እኒ ሃፀይ ዮሃንስ ኣብ መተማ ሂወቶም ዝገበሩ፤ ናብ ወፍሪ እንትኸዱ ህዝቢ ክኸተሎም ይገብሩ ነይሮም 'ዮም። ኢትዮጵያ ማለት ኣዴኻ፣ ሰበይትኻ፣ ርስትኻ፣ መቓበሪትካ 'ያ እናበሉ ኣብ ዝኸድዎ ሃገር ትግራዋይ ይኹን ካሊእ ህዝቢ ኢትዮጵያውነት ስምዒት ክህልዎ ገይሮም 'ዮም። ሕዚ ግና ህወሓት ንስኻ ትግራዋይ 'ምበር ኢትዮጵያዊ ኣይኮንካን ብምባል ብዙሕ ሰሪሑ 'ዩ። እዚ ብፍጥነት ምቕያር የድሊ 'ዩ። እቲ ሓቂ ምግላፅ የድሊ። ኣብዚ ግዜ እዚ ህወሓት ዘይረብሕን ዘይጠቕምን ሓይሊ ምዃኑ ህዝቢ ክርዳእ ይኽእል 'ዩ።

**ሕቶ፡- እዚ ጉጅለ እዚ ኣብ ክልል ኣምሓራ ብዙሕ ጥቕዓት እናፈፀመ 'ዩ ዘሎ። ብምኳኑ ህዝቢ ካብ ፍርሒ ወፂኡ ኣብ ጎኒ ምክልኻል ሃገር ብምኳን ዝኽእሎ ኩሉ ኣብ ምግባር ከመይ ክሳተፍ ኣለዎ ይብሉ?**

**ኣይተ ሙሉብርሃን፡-** እዚ ሓይሊ እዚ ዘራፊን ናይ ሌባ እኹብካብን ዝኾነ ሽፍታ ኣብ ኣምሓራ፣ ኣፋር ከምኡ 'ውን ኣብ ህዝቢ ትግራይ ዘብፀሖ ዘሎ ጉድኣት ብቐሊሉ ዝረአ ኣይኮነን። ብምዃኑ ድማ ይኣኽለካ ክበሃል ይግባእ። ነዚ ድማ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓደ ክለዓል ይግባእ። ምዝንጋዕ እንተሃልዩ ናብ ዝኸፍአ ኩነታት ክእትወና ይኽእል 'ዩ። ስለዚ ብሓባር ኮይና ሃገርና ንምድሓን ኣብ ጎኒ መንግስቲ ክንስለፍ ኣለና። ናይ ለውጢ ጉዕዞና ከይኹለፍ ክስራሕ ዝግበኦ ስራሕ ብኣግባቡ ክስራሕ ይግባእ።

# ኣብ ጎንፂ ትግራይ ዝተኻየደ...

ከም መሳርሒ ኩናት ተጠቒሙ 'ዩ፣ ገበን ዘርኢ ምጥፋእ ፈፂሙ 'ዩ ዝበሉን ዝኣመሰሉ ዝተዛበዐ ሓበሬታታት ዘቃልዐ ሪፖርት ከምዝኾነ ገሊፆም 'ዮም።

ሓደ ሓደ ወገናት ኣብ ማይካድራ ዝተፈፀመ ገበን ዘርኢ ምጥፋእ 'ዩ ኢሎም ይመጉቱ፤ካልእ ወገን ኣብ ትግራይ ዝተፈፀመ ገበን ምፅናት ዘርኢ ኢሎም ዝከራኸሩ ኣለዉ ዝበሉ ዶክተር ዳንኤል ፣ሓበሬታ ሪፖርት ምርመራ ዘካየደ ዓለም ለኸ ሰብኣዊ መሰል ሕግ መንፅር ብምኳኑ ካብዚ ሕጊ ማዕቀፍ መንፃር እንትምዘን ናይ ማይካድራ ኾነ ኣብ ትግራይ ዝተፈፀመ ጥሕሰት ሰብኣዊ መሰል'ምበር ምፅናት ዘርኢ ከምዘይኾነ በቲ ምርመራ ተረጋጊፁ 'ዩ ኢሎም።

እቲ ጎንፂ ካብ ዝተጀመረ ኣድሒዙ ዝተፈላለዩ ሰብኣዊ መሰል ትካላት ፣ዓለም ለኸ ሚድያ ትካላትን ውልቀ ሰባት ሓዊሶ መንግስቲ ጥምየት ከም መሳርሒ ኩናት ምጥቃም እንትዝግቡ ከምዝነበሩ ኣዘኻኺሮም ፣ኣብ ክይዲ ሓገዝ ረድኤት ዕንቅፋ እንትገጠመ 'ውን መንግስቲ ጥምየት ከም መሳርሒ ኩናት ተጠቒሙ 'ዩ ዝብል ሓሰተኛ ሓበሬታ ትኽክል ከምዘይኾነ እቲ ሪፖርት ከምዝቃልዐን ዕንቅፋት ምፍጣሩ ስራሕ 'ውን ብሓደ ወገን እንትይኾነስ ኣብቲ ጎንፂ ዝተሳተፉ ኹሎም ወገናት ዝተፈፀመ ምኳኑ ኣብሪሆም።



# ስፖርት



## እቲ ፌዴሬሽን ንከተማ ዝምጥን ኣትሌቲክስ ንምፍጣር ክሰርሕ ”ዩ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከተማ ኣትሌቲክስ ፌደሬሽን ነታ ከተማ ዝምጥን ተተካእትን ፣ሰገናትን መናእሰይን ጎየይቲ ትኹረት ብምግባር ምስራሕ ከምዝግባእ ኣፍሊጡ ‘ዩ። ነዚ ድማ ናይ ኢትየጵያን ኣፍሪካን ርእሰ መዲና ዝኾነት ኣዲስ ኣበባ ውፅኢታዊ ክገብር ዝኽእል ሰገናትን መናእሰይን ኣትሌታት ብብዝሓትን ብፅሬት ንምፍራይ ክዝሰርሕ እቲ ፌዴሬሽን ኣብ ዝነበሮ ሓፈሻዊ ጉባኤ ኣፍሊጡ ‘ዩ።

ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ብዙሓት ክለባት ኣትሌቲክስ ዘለዉ እንትኾኑ ‘ውን ኣብ ዝተፈላየ ኣብ ዝካየዱ ሃገር ለኸ ቻምፒዮናታት እቲ ምምሕዳር ዘመዝገብ ውፅኢት ግና ከምቲ ትፅቢት ዝግረሉ ከምዘይኾነ ፅንዓታት ይሕብሩ ‘ዮም። እዚ ስዒቡ እቲ ፌደሬሽን ነታ ከተማ ዝምጥን ተተከእቲ፣ ሰገናትን መናእሰይን ጎየይቲ ትኹረት ሂቡ ምስራሕ ኣድላይ ከምዝኾነ ገሊፁ ‘ዩ። ፕሬዝዳንት ፌዴሬሽን ኣትሌቲክስ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኣይተ ቢንያም ምሩፅ ኣብ ዝተድሓዘ ዓመት ብትልሚ ተዳሒዞም ኣትሌቲክስ ስፖርት ተግባራት እቲ ሓደ ከተማ ብዝምጥን ብርኪ ብዝላዓለ ተሳትፎን ተጠቃሚነት ምርግጋፅ ከምዝኾነ ኣብቲ ጉባኤ ገሊፆም ‘ዮም።

እቲ ፌዴሬሽን መበል 39 ስሩዕ ሓፈሻዊ ጉባኤ እናካየደ እንትኾን ኣብ ዝተፈላለየ ጉዳያት ዘተ ከምዝገበረ ቢሮ መናእሰይን ስፖርት ኣዲስ ኣበባ ኣብ ድሕረ ገፁ ኣፍሊጡ ‘ዩ። ኣብቲ ሓፈሻዊ ጉባኤ በጀት ዓመት 2013 እቲ ፌዴሬሽን ኣፈፃፀማ ሪፖርት፣ ዝተረኸቡ ውፅኢትን ዘጋጠሙ ፀገማት ስፍሓት ዝተልዓልሉ ሪፖርት ቀሪቡ ‘ዩ። ኣብ 2014 ዓ.ም በቲ ፌደሬሽን ዝስርሑ ትልምታት ምስ ቐረቡ በቲ ኣባላት ጉባኤ ብዘተ ተጠናኺሩ ክፀድቅ ከምዝካኣለ ከተማ ስፖርት ኮምሽን ሓበሬታ የመልክት። በዚ ድማ ስፖርት ኣትሌትክስ ተሳትፎ ፣ስልጠናታትን ውድድራትን ካብ ኮቪድ 19 ፕሮቶኮልን መምርሕን ኣንፃር ትኹረት ተዋሂብዎ ምስራሕ ከምዝግባእ ገሊፆም ‘ዮም።

ናይታ ከተማ ኣትሌቲክስ ንምጥንካር ስፖንሰር ሺፕ እና ሃፍቲ ኣሰባስባ ትኹረት ተዋሂቡ ከምዝሰርሕ ኣመልኪቱ ‘ዩ። እቲ ፌዴሬሽን እዚ ትልሚ ንምስኻዕ ምስ ኹሉ መዳርግቲ ኣካላት ሓበራዊ ኣሰራርሓ ዘርጊሑ ከምዝሰርሕ ተገሊፁ ‘ዩ። ኣብ ዝተዛዘመ በጀት ዓመት ነቲ ፌደሬሽን ውፂኢታውነት ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ ዘበርከቱ ኣካላት ድማ ኣብቲ ጉባኤ ኣልፍልጦን ምስጋናን ምስክር ወረቐት ተበርኪትሎም ‘ዩ።



**ኣይተ ቢንያም ምሩፅ**

ፌዴሬሽን ኣትሌቲክስ ኣዲስ ኣበባ ካብ ዝምስረት ጀሚሩ ነታ ከተማ ኣትሌቲክስ ዕብየት ናይ እጃሞም ዓሻራ ንምዕራፍ ብዙሕ እናፃዓረ ዝፀንሐ ከምዝኾነ ዝፍለጥ እንትኸውን ፣ ብዘተፈላለዩ ግዝያት ዘጋጠምዎ ኢኮኖምያውን ምምሕዳራዊን ፈተና ስዒቡ ብዝድለ ልክዕ ነታ ከተማ ዕብየት ኣትሌቲክስ ሰሪሑ ‘ዩ ኢልካ ንምዝራብ ኣይካኣልን። ነዚ መርኣይ ገይሩ ዝውሰድ እቲ ትካል ብሓይሊ ሰብን ናውትን ምድርጃው ብዘይምኽሉ ኣብ ወረቐት ዘስፈሮም ትልምታት መሬት ወሪዱ ንምስራሕ ዝተፀገመሉ ኣጋጣሚ ብዙሕ ‘ዩ። ካብ ቀረባ ናብዚ ግና ዝነበሩ ፀገማት ፈሊኻ ንቀፃሊ ስራሕ ከም ሓደ ግብኣት ብምውሳድ ናይታ ከተማ ኣትሌቲክስ ንምልማዕ ሓድሽ መገዲ ጀሚሩ ‘ዩ። እቲ ትካል ብሓድሽ ለውጢ መገዲ ምርማድ ዝጀመረ ናይቲ ፌዴሬሽን ስራሕ ፈፃሚ ብምምራፅ እንትኸውን ኣብ ቀረባ ወዲ ሻምበል ምሩፅ ይፍጠር ቢንያም ምሩፅ ፕሬዝዳንት ገይሩ ምምራፁ ዝዝከር ‘ዩ።

ናይቲ ፕሬዝዳንትን ናይ ካልኦት ስራሕ ፈፃሚ ኮምቴ ኣባላት ምምፀኦም ፌዴሬሽን ኣትሌቲክስ ኣዲስ ኣበባ ምምሕያሽ ኣወዳድባ ንክመፅእ ኣኽኢሉ ‘ዩ። ስለዚ ኣትሌቲክስ ንምልማዕ ፅቡቕ ናይ ስራሕ ከባቢ ምፍጣር እቲ ሓደን ቀንድን እንትኾን ናብ ተግባር ንምምፃእ ኣወዳድባ ቢሮ ብምስትኽኻል ኣማሊኡ ‘ዩ። እቲ ቢሮ ሰብ ሓይልን ናውትን ብምውዳብ ድማ ኣብ ጃን ሜዳ ዝነበረ ቤት ፅህፈት ኣብ መገናኛ ኮማደር ደራርቱ ቱሉ ህንፃ ብምዝውዋር ከም ሓድሽ ከምዝተወደበ ዝፍለጥ’ዩ።

## መኣዲ ጥበብ

## ሰኣሊ ለማ ጉያ ፣ ቤተሰብ ስእሊ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ሰብ ጥበብ ሓደ ዝብልዎ ነገር ኣሎ፡ ፡‹‹ኣርቲስት ዝብል ቃል ዘገልግል ንስእሊ’ዩ። ‹‹ኣርት ›› ዝብል እንግሊዘኛ ቃል ንቅርፃ ቐርፅን ፈጠራ ስእልን ስራሕቲ ዝገልፅ ‘ዩ። ርግፅ ካልኦት ኪነ ጥበባት ስራሕ ፈጠራ ‘ዮም፡ ምንም እካል ናይቲ ዘፈር ባዓል ሞያታት ዘከራኽር እንተኾነ ‘ውን ኣርቲስት ዝብል ቃል ግና ንሰኣልቲ ዝኾን ‘ዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ግና ደራፊ ይኹን ደራሲ፣ ሰኣሊ ይኹን ተዋሳኣይ ብሓፈሻ ‹‹ኣርቲስት ››ተባሂሉ ‘ዩ ዝፅዋዕ። እዚ ብሓፈሻ እንትኾን ብንፅል ግና ሰኣሊ ፣ድምፃዊ ፣ገጣሚ ተዋሳኢ እናበናልና ምግላፅ ንኽእል ኢና።

ንሎሚ ብዛዕባ ስእሊ ነውግዕ። ስእሊ ካብ ስራሕቲ ጥበብ ኹሉ ናይ መጀመርያ ‘ዩ ክበሃል ይካኣል፣ ምኽንያቱ ጥበብ ስእሊ ካብ ዝግመት ለውጢ ወዲ ሰብ ሓቢሩ ዝፀንሐ ‘የ። እዚ ማለት ካብ ካልኦት ስራሕቲ ኪነ ጥበብ ኹሉ ይቅድም ‘ዩ ማለት ‘ዩ። ነዚ ‘ዩ ስእሊ ልክዕ ከም ደርፍን ካልኦት ባህላውን ዘመናውን ዝብል ምድብ ዘይብሉ።

ጥበብ ኢድ ጥራሕ ስለዝኾነ ቴክኖሎጂ ምዝተቐያየረ ሓቢሩ ዝቕየር ኣይኮነን። ዝተፈላለየ ሰነድ ከምዝሕብሩልና ወዲ ሰብ ገና ኣብ ባዕቲ እናነበረ እንተሎ ዝረዳደኣሉ ብስእሊ ‘ዩ። ስእሊ ናይ መጀመርያ መረዳዳኢ ‘ዩ ክባሃል ይካኣል። ነዚ ‘ዩ ክሳብ ሳልሳይን ራብዓይ ብርኪ ክፍሊ መምህሪ መፅሓፍቲ ስእሊ ዝበዝሖም። ህፃናት ካብ ፊደል ብዝበለፀ ስእሊ ሪኦም ‘ዮም እንስሳት ፣እፅዋትን ዝተፈላለዩ ኣቕሓታት ዝፈልጥዎም። እዚ ባህሪ ስእሊ ናይ መጀመርያ መረዳድኢ ‘ዩ ንምባል ዘኽእለና። ወዲ ሰብ ብዝፀንሐ ዘመን ኣብ ከባቢኡ ዘስተውዕሎም ነገራት ይስእሎም ነይሩ ‘ዩ። ቅድሚ ፅሑፍን ቋንቋን ቅድሚ ምንባሩ ስእሊ መግለፂ ስምዒትን መግለፅን ሕድ ሕድ መረዳድኢ እናተጠቐመ ንዘመናት ፀኒሑ ‘ዩ።



እዚ ኣብ ዋሻ ውሽጢ ዝተጀመረ ጥበብ ወዲ ሰብ ካብ ዋሻ እንትወፅእ ‘ውን ኣይተረፈን ።የግዳስ እናረቐቐን ዝበለፀ ተፈታዊ እናኾነ መፂኡ ‘ዩ። ወዲ ሰብ ስራሕ ፈጠራ ብስእሊ ጀሚሩ ናብ ቴክኖሎጅን ማሽንን ውፅኢት ኣዕብዩ ‘ዩ። ዝራኣየ ጥራሕ ዝስእል ዝነበረ ብሓሳቡ እናፈጠረ ‘ውን ምስኣል ጀሚሩ ‘ዩ።

ስእሊ ቋንቋ ዓለም ‘ዩ። ርግፅ ኣብዝሓ ክባሃል እንሰምዖ ሙዚቃ ቋንቋ ዓለም ‘ዩ እንትባሃል ‘ዩ። ትኽክል ‘ውን ‘ዩ። ስለዘይተዘረበሉ’ምበር ስእሊ ‘ውን ካብ ሙዚቃ ንላዕሊ ዓለም ቋንቋ ይኾን ‘ዩ። ኣብ ሙዚቃ ድምፂ ኣሎ፡ ግጥሚ ኣሎ ፣ኣብቲ ግጥሚ ውሽጢ መልእኽቲ ኣሎ። ስእሊ ግና ካብዚ ንላዕሊ ‘ዩ። ኣደ እናጥበወት ስእሊ ኣብ ዓለም እንተትዘውር ዝሪኣ ኣደ ክተጥውቡ ከላ ‘ዩ። እዚ ስእሊ ዓለም ለኻዊ ‘ዩ።

ሰኣሊ ክቡር ዶክተር ሎሬት ለማ ጉያ ካብዚ ዓለም ብሞት ዝተፈለይሉ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት በዚ ሰዓት ‘ዩ ነይሩ። ስእሊ ተራቒቕምሉ ጥራሕ እንተይኾነስ ካልኦት ‘ውን ንክራቐቐሉ ዝገበሩ ‘ዮም። ሰኣሊ ለማ ጉያ ቤተሰቦም ኹሉ ሰኣልቲ ‘ዮም። ናይ ባዕሎም ቤት ትምህርት ስእሊ ‘ውን ኣለዎም። ኣደ ሰኣሊ ለማ ጉያ ስፌት፣ መጋየፂ ኣቕሓ፣ ስራሕቲ ሸኽላ ይሰርሓ ነይረን ‘የን። ኣቕሐአን ተደለይቲ ኾይኖም ‘ዮም ዝግዝኡ።

ወዲ ሰኣሊ ለማ ጉያ ዝኾነ ሰኣሊ ዳዊት ለማ ኣብ ከተማ ብሾፍቱ ቤት ትምህርት ስእሊ ኣለዎ ።እዚ ቤት ትምህርት ስእሊ ብርቂ ከምዝኾነ ግልፂ ‘ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ሃገርና እንኳዕ ባዕሉ ዝኻኣለ ተሪፉ ስእሊ ከም ሓደ ባዕሉ ዝኻኣለ ዓይነት ትምህርቲ ኣይዋሃብን። ብሰኣሊ ዳዊት ለማ ስእልን በገና ቤት ትምህርት ባዕሉ ዝኻኣለ ክፍሊ ትምህርተ ‘ዩ። ዳዊት ለማ ኣብቲ ስእሊ ቤት ትምህርቲ ስእሊ ዘምህሮ ብዝተፈላለየ መገዲ ‘ዩ። እዚ እውን ብሓጋይ ፣ ክረምቲ ፣ዓበይትን ህፃናትን እናተብሃለ እናተኸፋለ ‘ዩ። እዚ ምድብ ድማ ሓደ ፅቡቕ ነገር ኣለዎ። ስሩዕ ትምህርቲ ዝምሃሩ ተምሃሮ ኣብ ክረምቲ ክምሃሩ ይኽእሉ ‘ዮም። ስእሊ ጥራሕ ክምሃሩ ዝደልዩ ኣብ ዝደለይዎ ‘ውን ክምሃሩ ይኽእሉ ‘ዮም። ንህፃናት ተሓሲቡ ዝዋሃብ ትምህርቲ ‘ውን ኣሎ ‘ዩ። እዚ ትምህርት ቤት ከም ኣርት ጋለሪ ከም ስእሊ መቕመጥን መርኣይን ከም ትምህርት ቤት ‘ውን ‘ዩ። ቅድሚ ሓደ ወርሒ ናይ ሰኣሊ ለማ ጉያ ፋውንዴሽን ተመስሪቱ ‘ዩ።

ስእሊ ትኹረት ክግበረሉ ይግባእ። ከም ሓፈሻ ኣብ ሃገርና ንዘፈር ኪነጥበብ እኹል ትኹረት ዘይረኸበ እንተኾነ ‘ውን ስእሊ ግና ካብ ካልኦት ዝገደደ ‘ዩ። ስእሊ ማለት ጂኦሜትሪ ዝባሃል ክፍሊ ሒሳብ ‘ዩ። ፊዚክስ ‘ዩ፤ ኪነ ህንጻ ‘ዩ። ብውልቀ ሰብ ጥራሕ እንተይኾነስ መንግስቲ ‘ውን ንኪነ ጥበብ ትኹረት ክህብ ኣለዎ። ተዘይኾይኑ ስእልን ሰኣልን ተፈላልዮም ተሪፎም ማለት ‘ዩ። ነዚ ‘ዩ ከም ሰኣሊ ለማ ጉያ ኣደ ዘይተምሃሩ ግና ብቅዓት ዘለዎን ኣደታት ምስክራት ‘የን። ዕርፍን ኣርዑትን ገጣጢሞም ዝሰርሑ ሓረስቶት ምስክር ‘ዮም።

Addis Rising 134th
ፅብቕቲ ኣዲስ

# ሃገረይ እሕልው መስዋእትነት እኸፍል ብዝብል ቴማ ኣብ ኣደባባይ መስቀል ዝተኻየደ ሰልፊ













